ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.247 | ሰሉስ 16 ሰነ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ዓይነታት ሕማም ኒሞንያ


ገጽ 4
ስማእታትና

ገጽ 5
መንእሰይ፡ መጻኢኻን ሕሉፍካን ሓሉ


ገጽ 10


ኣመዓብላ ቀንዲ ጠባይ ኣብ መጽሓፍ "ኔው ነጀው"

# ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ መበል 63 ‘መዓልቲ ኣፍሪቃ’ ጸንቢሉ

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብመዚ መንግስትን ግንባርን ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ኣምባሳደራትን ዲፕሎማሲያውያንን ዝርከብዎም ኣባላት ዲፕሎማሲያዊ ኣካላትን ዕዱማት ኣብ ዝተረኽብሉ፡ ብ13 ሰነ መበል 63 መዓልቲ ኣፍሪቃ ጸንቢሉ።



ስእሊ-ሳልሕ ዓደልቓድር

ኣብ ኣስመራ - ሆቴል ኣስመራ ፓላስ ኣብ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ መዓልቲ ኣፍሪቃ ኣብ ሃገርና፡ "ኣፍሪቃ፡ ሓደ ልቢ - ሓደ መሬት - ሓደ መጻኢ" ብዝብል ቴማ፡ ንሓበራዊ መንነትና፡ ታሪኽና፡ ክብርታት ምሕዝነትና፡ ምቕሉል እንግዶትናን ሓድሕዳዊ ምትሕግጋዝናን ብዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ትብዓል ከምዘላ ጠቒሱ፡ ራእዩ "ጥምርቲ፡ ብልጽግትን ሰላማዊትን ኣፍሪቃ፡ ብዜጋታታ ብዝምራሕን ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ብዘውክል ንጡፍ ሓይሊን ክሰምር ከምዝኽእል ገሊጹ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣሰዪቡ፡ ኣህዛብ ኣፍሪቃ ምስ ሃብቶም ጸጋታቶም ብድኽነት ይሳቐዩ፡ ግጭታት ድማ ህይወት ሰብ፡ ንዋትን ዕድላትን ናይ'ዛ ኣህጉር የዕኑ ከምዘለው ብምሕባር፡ ብደረጃ ኣህጉር - ገምጋም ህሉው ክውንነት ብምክያድ፡ ነቲ ኣብ ትሑት ደረጃ ዝርከብ ወሃደትን ተመላላእነትን ሃገራት ኣፍሪቃ ንምሕያል፡ ካብ ሽግራት ዘላቕልን ብሓባር ዘዋስእን ስትራተጂ ከምዝድሊ ኣዘኻኺሩ።

ሚኒስተር ዑስማን ብዘወሰኹ፡ ኣብ'ዚ ዓለማዊ ስርዓት ዝቕየረሉ ዘሎ ህሞት፡ ንጸጋታትን ስትራተጂካዊ ዝምድናታትን ዝዓበየ ውድድር እናዛየደ ምምጻኡ፡ ክሊማዊ ምምዝባል፡ ሰግኣት ህዝባዊ ጥዕናን ዘይምዕሩይነትን ዝኣመሰሉ ዓለማዊ ብድሆታት ድማ ዝተወሃሃደ ፍታሕ ከምዝጠልቡ ብምሕባር፡ ኣብ ከም'ዚ ኩነት፡ ኣፍሪቃ ብመትከላውነት፡ ድስፕሊን ከምኡ'ውን ንሃዊሕ ብዝጥምት ሓበራዊ ራእዩ ጸጋታታ ክተመሓድር እንተኽኢላ፡ ሓበራዊ ዕቤትን ዘላቒ ልምዓትን ክተረጋግጽ ከምእትኽእል ኣገንዚቡ።

ኣምባሳደር ረፓብሊክ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ኤርትራ ሚኒስተር ፕርሸቨረንስ ምባዘሊ ኩምሻ ብወገኑ፡ መዓልቲ ኣፍሪቃ፡ ልዕሊ ጽንብል ዝኸይድ ትርጉም ከምዘለዎ ጠቒሱ፡ ሓበራዊ ጉዕዞናን መጻኢናን ንምርግጋጽን ብዘዕባ ኣህጉርና ንኸነስተንትነን ዕድል ከምዝርሑ ብምግላጽ፡ ኣፍሪቃ ኣብ ዓለማዊ መድረኽ ግቡእ ቦታኣ ክትሕዝ መትከላዊ ሽርክነት ከምዝድሊ ኣዘኻኺሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ብምኽንያት መዓልቲ ኣፍሪቃ፡ ሓበራዊ ዓውደ-ዘተ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ካብ ዲፕሎማሲያውያን ኤምባሲታት ሃገራት ኣፍሪቃ ኣብ ኤርትራ ዝቐመጡ ጋንታታን ጋንታ ከዕሶ እግሪ ኣባላት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢን ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ምሕዝነታዊ ግጥም ከዕሶ እግሪ ተኻዪዱ።

# ኣብ ዓዲቐይሕን ኣፍዓበትን፡ ብምኽንያት 20 ሰነ ማእቶታዊ ንጥፈታት ተሰላሲሉ

ኣብ ንኡሳን ዞባታት ዓዲቐይሕን ኣፍዓበትን ብምኽንያት 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ጽሬት ኣከባብን ጉያ ሰማእታትን ተኻዪዱ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ ዝርከቡ ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ሜካናይዝድ 74፡ ብ14 ሰነ ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣብ መቓብር ሓርበኛታት፡ ተመሃሮ፡ መምህራንን ሰራሕተኛታትን ኮሌጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ጽሬት ኣከባቢ፡ ከምኡ'ውን ሰለስተ ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፍኦ ጉያ ሰማእታት ከምዝካየዱ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።

እቲ ብኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ሜካናይዝድ 74 ዝተኻየደ ማእቶታዊ ንጥፈታት፡ ምኽሳስ ኣግራብን ጽሬትን ዘጠቓለለ ክኸውን ከሎ፡ ንኣድራ ሰውኣት ኣባላት ማሕበር ከኣ ገንዘባዊ ደገፍ ገይሮም።

ኣሸታት ሰለስተ ሽሕ ተመሃሮ፡ መምህራንን ሰራሕተኛታትን ኮሌጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ዝተሳተፍዎ ወፈራ ጽሬት ከተማ ድማ፡ ምጽንጻል ኣግራብ ዘጠቓለለ ነይሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ'ቲ ዕለት ብፊደራሽን ውድድር ኣትሌቲክስ ዝተወደበ ንኡሳን ዞባታት ሰንዓፈ፡ ሰንሒትን ዓዲቐይሕን ዝተሳተፍኦ ጉያ ሰማእታት ተኻዪዱን ንዕወታት ሽልማት ተዓዲሉን።

ብዘተመሳሰለ፡ ኣብ ከተማ ኣፍዓበት - ብኢጋጥሚ 20 ሰነ - መዓልቲ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ህዝባዊ ወፈራ ተኻዪዱ።

በቲ ብምወሃሃድ ህዝብን ሰራሕተኛታት ዝተፈላለየ ትካላትን ንሓደ ሰሙን ዝቐጸለ ስራሕ፡ ቀጽሪ ናይ'ቲ መቓብር ተጻዲቑ።

ፕሮጀክት ዕዲ-ሃሎ ቀጽሪ ሓደ ዘድሊ ማሽነሪ ብምውፋር ኣብ ኣሳልጣ ናይ'ቲ ስራሕ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከምዘበርከተ ወከልቲ ኤሪና ሓቢሩ።



# ኣፍሂምቦል - ኣብ ኣስታት 30 ሄክታር ሕርሻዊ ቦታታት ባርዕ ኣጋጢሙ

ኣብ ሩባ ባርካ - ከባቢ ኣፍሂምቦል፡ ብ9 ሰነ ኣብ ኣስታት 30 ሄክታር መሬት ሕርሻ ባርዕ ሓዊ ኣጋጢሙ።

እቲ ባርዕ ኣብ መንጎ ንኡሳን ዞባታት ደገን ከርከበትን ካብ ዲጋ ከርከበት ንሸነኽ ደቡብ ኣብ ዝርከብ ከባቢታት'ዩ ኣጋጢሙ።

በቲ ሓደጋ፡ 750 ኣግራብ ዓርኮብባይን ኣስታት 370 ኣግራብ ዐብልን ዝርከቦ ብርክት ዝበለ መቦቈላዊ ሃብቲ ገረብ ከምዝሃሰወ፡ ካብ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን - ሕርሻታት ሰሜናዊ ምዕራብ ደንጎዩ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

እቲ ባርዕ ብምትሕብባር ኣባላት ኮርፖረሽን ሕርሻ ኣፍሂምቦል፡ ህዝብን ምምሕዳር ናይ'ቲ ከባቢን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ከምዝወዓለ ተሓቢሩ።

ጠንቂ ናይ'ቲ ባርዕ ግዱ፡ ጓሶት ንመዓልታዊ መኣብሮኦም ዝተጠቐምሉ ሓዊ ብግቡእ ዘይምጥፍኦም ክኸውን ከምዝኽእል ተኣሚቱ'ሎ።

ዜና

# ባጽዕ - ካሪክለም ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ንምምዕባል ተዘቲዩ



ኣብ 2017 ብወግዒ ስልጠናታት ክህብ፡ ካብ 2019 ድማ ኣብ ካሪክለም ምርኩስ ዝገበረ ንጥፈታት ክካየድ ዝጀመረ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ብ9ን 10ን ሰነ ንዝኽተሎ ስርዓት-ትምህርቲ ዝገምገመ ርክብ ተኻይዱ።

ኣቦ'ቲ - ሃብቶም ምስ ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርቲ ብምትሕብባር ዝዳለዎ መደብ፡ ወከልቲ ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርቲ፡ ወከልቲ ሞያውያን ትካላት ከተማ ባጽዕ ከምኡ'ውን መምህራን ናይ'ቲ ማእከል ተረኺቦም ነይሮም።

እቲ ብቐዳማት ዝወሃብ ስልጠናታት ኩብ ንምግባል ዝዓለመ ዘተ፡ ትሕተ-ቅርጺ፡ መሳርሒታትን መሳለጥያታትን፡ ትሕዝቶ ስልጠና፡ ሰልጠንቲ ከምልእዎ ዘለዎም ቅጥዕታትን ካልእ ረቛሒታትን ኣብ ግምት ዘእተወ ከምዝነበረ ዝሓበረ ምኽትል ዳይረክተር ናይ'ቲ ማእከል ኢንጂነር ኣኽሊሉ ኣስመሮም፡ ምኽላስ ካሪክለም ንብቐዳማት ስልጠና ዘደልድል ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ድኹምን ሓያልን ጎድኒ ንምልላይ ሓጊዙ ከምዘኸኣሎ ኣገንዚቡ።

ተሳተፍቲ ኣብ ዝቐረበ ዛዕባታት ድሕሪ ዘካየድዎ ዓሚቝ ዘተ፡ ካሪክለም ናይ ሸውዓተ ዓወድታት ሞያ ክኽለስ ከሎ፡ ጎኒ-ጎኑ ብቐዳማት ኣሰልጠንቲ ዝመዘኑ ከምኡ'ውን ሞያውያን ኣሰልጠንትን ሰልጠንትን ከማልእዎ ዘለዎም ረቛሒታት ብዝርዝር ተሰሪዱ።

ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃብቶም ኣቶ ክብረኣብ ኪዳን ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ምዕባለ ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ኣብ ዕቤት ሞያዊ ዓቕሚ ዜጋታት ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ መደባቱ ንምዕዋት ንዝሰርሑ ኣካላት ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ መሻርኽቲ ትካላትን ኣባላት'ቲ ማሰልጠኒ ማእከልን ምስጋና ኣቕሪቡ።

ማእከል ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት ባጽዕ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ካሪክለም፡ ኣብ 2022 ተኸሊሱ ከምዝነበረ፡ ሰነዳቱ የመልክቱ።

# ኣፍዓበት - ኮሚተ ስንኩላንን ኣረጋውያንን ንጥፈታታ ገምጊማ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ን/ዞባ ኣፍዓበት፡ ንጥፈታት ኮሚተ ተሃድሶ ስንኩላንን ኣረጋውያን ብምግምጋም፡ ኣብ ዝመጽእ 3 ኣዋርሕ ኣብ ዝትግበር መደባት ስራሕ ዘቲዩ።

ኣቦ'ቲ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ዝርከባ ኣባላት ኮሚተ ተሃድሶ ስንኩላንን ኣረጋውያንን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ማሕሙድ መሓመድ-ሰዒድ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ስራሕ ናይ'ታ ኮሚተ ንስንኩላን፡ ኣረጋውያንን ካልኦት ጽጉማትን ምእላይን ምሕጋዝን ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ሓደስቲ መደባት ስራሕ ምውጻእ ንዕላማ ናይ'ታ ኮሚተ ዘደንፍዕ ምኳኑ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ፡ ስንኩላን፡ ኣረጋውያንን ካልኦት ጽጉማት ወገናትን ኣብ ዝሓሸ ኩነታት ክነብሩ ዝሕግዝ ርእይቶታን ሓሳባትን ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ፡ ሓላፊ ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣቶ እስማዒል ዑስማን፡ ኣተኩሮ ኮሚተ ብዝያዳ ኣብ ስንኩላን፡ ስድራ ስውኣት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣለይቲ ስድራታትን ኣረጋውያንን ክኸውን ከምዝግባእ፡ ዝተራእየ ሕጽረታት ንምእራም ድማ ብንጥፈት ምስራሕ ከምዝድሊ ብምሕባር፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ዝርከባ ኣባላት ኮሚተ፡ ንትግባረ ተወጢኑ ዘሎ መደባት ስራሕ ብዓቢእ ክከታተሉን ጸብጻባቶም ኣብ ግዜኡ ብጽሬት ከቕርቡን ጸዊዑ።


## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284


# ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ሃይኮታ፡ ማእቶታዊ ንጥፈታት ተሰላሲሉ

ኣባላት ማሕበር ምትሕግጋዝ ክፍሉ-ሰራዊት 37 ነበር፡ ብምኽንያት ዝኽሪ 20 ሰነ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ንኡስ ዞባ ሃይኮታ ማእቶታዊ ንጥፈታት ኣሰላሲሎም።

20 ሰነ፡ ምእንቲ ናጽነት ህይወቶም ዝበጀዉ ጀጋኑ ሰማእታትና ብልምዓት ንምድባስ መበጽዓና እነሐድሰላ ዕለት ብምኳና፡ ነቲ ማእቶታዊ ንጥፈታት ከካይዱ ከለዉ ሓበን ከምዝስመዖም ዝሓበሩ ተሳተፍቲ፡ ምስ ነበርቲ ሃይኮታ ብምትሕብባር ኣብ መስርሕ ህንጻት ቀጽሪ መካነ-መቓብር ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣበርክቶ ከምዝገበሩ ገሊጾም።

ንሳቶም ኣስዒቦም፡ ሕድሪ ጀጋኑ ሰማእታት ንምፍጻም ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብሓላፍነት ክሰርሕ ብምዝኽኻር፡ ንስድራ ስውኣት ብምሕራስ፡ ጸህያይን ምጽጋን ኣባይቲን ከምዝተሓጋገዙ ሓቢሮም።



# ኣብ ኮለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ብሞያ ዝሰልጠኑ ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ተመሪቖም

ኣብ ኮለጅ ትምህርትን ስነ-ቋንቋን ዓዲ-ቐይሕ፡ ብሞያ ዝሰልጠኑ 291 ተመሃሮን ሰራሕተኛታትን ብ13 ሰነ ተመሪቖም።

እቲ ኣብ ክልተ እብረ ዝተዋህበ ናይ ሰለስተ ኣዋርሕ ሞያዊ ስልጠና፡ ቋንቋ ዓረብ፡ ተንቀሳቓሲ ስእሊ፡ ቴክኖሎጂ ኮምፕዩተር፡ ኣርትዖት ተንቀሳቓሲ ስእሊ፡ ከምኡ'ውን ግራፊክስ ዘጠቓለለ'ዩ።

ዲን ናይ'ቲ ኮለጅ ዶ/ር ወልደትንሳኤ ተወልደ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ኮለጅ - ራኢ መንእሰያት ንምንቅስቓስን ንምስጋርን ምስ ሃማመተኤ ተሓቢሩ ዝተፈላለየ መደባት ከምዘካይድ፡ ሞያዊ ስልጠናታት ድማ ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ጎኒ-ጎኒ ኣካዳሚያዊ ትምህርቶም ምስ ምዕባለ ቴክኖሎጂ ክጐዓዙን ፍሉይ ክእለቶም ከማዕብሉን መድረኽ ዝጠልቦ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ጸሓፊት ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ኮለጅ መንእሰይ ትዕግስቲ ዑቕባይ ብወገና፡ ማሕበር - ዓመት መጸ ንብዙሓት ተመሃሮ ሞያዊ ስልጠናታት እናወሃበ ከምርቕ ምጽንሑ ብምጥቃስ፡ እዚ ምስ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ውልቀሰባትን ትካላትን ብዝካየድ ምትሕብባር ዝውደብ መደባት፡ ውጽኢቱ ኣዝዩ ኣተባባዒ ከምዝኾነ ኣብሪሃ።

ኣብ ኮለጅ ዓዲ-ቐይሕ፡ ካብ 2023 ጀሚሩ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ተመሃሮ ብዝተፈላለየ ሞያታት ከምእተመረቑ ዝፍለጥ'ዩ።





# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዓይነታት ሕማም ኒሞንያ

ኒሞንያ (Pneumonia) ኣብ ሓደ ወይ ኣብ ክልቲኡ ክፋል ናይ ሳንቡእ ብዘርአ ረኽሲ ዝፍጠር ሕማም እዩ። ነድሪ ሳንቡእ ተባሂሉ ይግለጽ። ብባክተርያ፡ ቫይረስ ወይ ዕስ (fungi) ክኸሰት ይኽእል። ብባክተርያ ዝፍጠር ሕማም ኒሞንያ ብፍላይ ኣብ ኣባጽሕ ብዝበዝሐ ዝርአ ዓይነት ናይቲ ሕማም እዩ።

ኒሞንያ ኣብ ለቓታ ንፋስ/ ኣየር ናይ ሳንቡእ ማለት ኣልቪዮሊ (alveoli) ምቅጻል ይፈጥር። እቲ ለቓታ ኣልቪዮሊ (alveoli) ብፈሳሲ ወይ ምጉሊ (pus) ይመልእ። ንኽተስተንፍስ ድማ ከቢድ ጸገም ይፈጥር፡

ዓልገት ወይ ዓኽታ ዘፈጥር ሰዓል፡ ረስኒ፡ ረሃጽ፡ ቀራቀሪ ምባል፡ ሕጽረት ምስትንፋስ፡ ቃንዛ ኣፍልቢ ገለ ካብቶም ብቐዳምነት ዝጥቀሱ ምልክታት ሕማም ኒሞንያ ማለት ነድራሳንቡእ እዮም። ካልኦት ምልክታት ናይቲ ሕማም ድማ ብመሰረት ጠንቅን እቲ ሕማም ዘውርዶ ጉድኣትን ይፈላለዩ እዮም። ዕድመን ሓፈሻዊ ኩነታት ጥዕናን ናይቲ ግዳይ'ውን ንኽብደትን ጠንቃታት ናይቲ ሕማምን ዝተፈላለየ ከም ዝኸውን ይገብሮ።

### ስታቲስቲካዊ ጸብጻብ ብዛዕባ ኒሞንያ

- ኒሞንያ፡ ብደረጃ ዓለም ካብቶም ኣብ ቀዳማይ ዝስርዑ ቀተልቲ ተላባዕቲ ሕማማት ሓደ እዩ። ብመሰረት ጸብጻብ ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ዓመታዊ ኣስታት 2.5 ሚልዮን ግዳያት ናይዚ ሕማም ህይወቶም ክስእኑ እንከለው፡ ልዕሊ 700 ሽሕ ካብዚኦም ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት እዮም።
- ኣብ ርእሲ ንዙብሮ ድኽም ናይ ምክልኻልን ምጥንቃቕን ስጉምትታት፡ ድኽነት፡ እኹል ቀረብ መድሃኒት ወይ ክታብት ዘይምህላው፡ ብክላ ኣየር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ግዜኡ ሕክምናዊ ረድኤት ክትረክብ ዘይምኽኣል፡ ነቲ ሕማም ዝያዳ ቀታሊ ከም ዝገብሮ ጸብጻባት የመልክቱ።
- 68 ሚእታዊት ግዳያት ናይ'ዚ ሕማም ኣብ ትሕቲ ሰሃራ ኣፍሪቃን ከምኡ'ውን ኣብ ደቡብን ምብራቕን ኤሲያ ይርከቡ።
- ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ዝያዳ ግዳያት ናይዚ ሕማም ኮይኖም፡ ዓመታዊ ኣስታት 200 ሽሕ ናጽላታት በዚ ሕማም ህይወቶም ከም ዝስእኑ ይንገር። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ካብ 39 ክሳብ 43 ካልኢት ሓደ ህጻን ብሰንኪ ኒሞንያ ህይወቱ ይስእን ማለት እዩ።
- 44 ሚእታዊት ግዳይ ህጻናት ብቑዕ ሕክምናዊ ረድኤት ከይረኸቡ ህይወቶም ይስእኑ።

### ፍሉይ ምልክታት ሕማም ኒሞንያ ብጠንቁ (Symptoms by cause)

- ብቫይረስ ዝተኸሰተ ሕማም ኒሞንያ (ነድራሳንቡ) ምልክታቱ ከም ናይ ጉንፋዕ እዩ ዝጅምር። ጸጽታ ዘለዎ ናይ ኣተነፋፍሳ ጸገማት የርኢ። እቲ ግዳይ ዝም ምልክታት ምስ ኣርእየ ካብ 12 ክሳብ 36 ሰዓታት ድሒሩ ልዑል ረስኒ ከርኢ ይጅምር።
- ብባክተርያ ዝኸሰት ሕማም ኒሞንያ ብልዑል መቐት ሰብነት እዩ ዝጅምር። እቲ መቐት ክሳብ 105 ዲግሪ ፋረናይት ይበጽሕ። ብዙሕ ከም እትርሃጽ ይገብረካ። ከንፈርካን ጻፍሪ ኣጻብዕትኻን ድማ ሰማያዊ ሕብሪ ከም ዝሕዝ ይገብር። ዕግርግርን ዕውልውልን ዝበል ምልክት ድማ ይፈጥር።

### ፍሉይ ምልክታት ሕማም ሚሞንያ ብዕድመ (Symptoms by age)

- ትሕቲ 5 ዓመት ህጻናት ቅልጡፍ ዝኾነ ኣተነፋፍሳ የርእዩ።
- ናጽላ/ ዕሸላት ተምላስ የርእዩ። ዝኾነ ክስትዩ ወይ ክጠብዉ ብዙሕ ይሸገሩ። ሓይሊ ይሓጽሮም።
- ዓበይቲ ሰባት ካብቲ ንቡር ዝተሓተ መቐት ሰብነት የርእዩ።

### ጠንቅታትን ዓይነታትን ኒሞንያ


እቶም ቀንዲ ዓይነታት ኒሞንያ (ነድራሳንቡእ) ብጠንቂ ናይቲ ረኽሲ ይምደቡ። እዚ ማለት ብኸመይ እቲ ረኽሲ ተመሓላሊፉ፡ ኣበይ እቲ ረኽሲ ተረኺቡ ብዝብል መለክዒ ነቲ ሕማም ብዓይነት ክትከፋፍሎ ይከኣል።

- **ናይ ባክተርያ ኒሞንያ፦** እቲ ኣዝዩ ፍሉጥ ዓይነት ናይዚ ሕማም ስትረፕቶኮኩስ (Streptococcus) ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኒሞንያ እዩ። ክላሚዶፊልያን (Chlamydophila) ለጅዮኔላን (Legionella) እውን እቶም ካልኦት ዓይነት ናይ ባክተርያ ኒሞንያ እዮም።
- **ናይ ቫይረስ ኒሞንያ፦** ናይ እስትንፋስ ቫይረስ እቲ ዝያዳ ጠንቂ ሕማም ኒሞንያ ብፍላይ ኣብ ህጻናትን ሽማግለታትን እዩ። እዚ ዓይነት ሕማም ነድራሳንቡእ ንሓጺር እዋን ዝጸንሕ ብምዃኑ ካብ ናይ ባክተርያ ሳንቡእ ኣዝዩ ዝቐለለ እዩ። ብግቡእ ሕክምናዊ ክንክን ቀልጢፉ ክሓዊ ድማ ይኽእል።
- **ናይ ዕሲ (Mycoplasma) ኒሞንያ፦** እዚ ብቫይረስ ወይ ብባክተርያ ዝፍጠር ሕማም ኒሞንያ ኣይኮነን። ናብ ክልቲኦም ዓይነት ዝዘዙ ፍሉይ መለለዪ ጠባይ ዓ ኣለዎ። እዚ ንህጻናትን ንሽማግለታትን ዘጥቅዕ ግን ብዙሕ ሓይሊ ዘይብሉ ዓይነት ሕማም ኒሞንያ እዩ። ብጨና ቀልቀል ናይ እንስሳታት ወይ ናይ ሓመድ ክስዕብ ዝኽእል ኒሞንያ'ውን ምስዚ ዓይነት ሕማም'ዚ እዩ ዝምደብ።
- **ናይ ምንቅስቓስ ኒሞንያ (Walking pneumonia)፦** ብባክተርያ ዘይተኸስተ ሕማም ኒሞንያ ፍኹስ ዝበለ እዩ። ዘይኣቶ ካልኦት ዓይነት ዕረፍቲ ክትወስድ ስለ ዘገድድ ድማ ናይ ምንቅስቓስ ኒሞንያ ተባሂሉ ይግለጽ።

### ዓይነት ኒሞንያ ብቦታ

ኒሞንያ በቲ ዝተረኽበሉ ቦታ ወይ ስፍራ ክምደብ ይኽእል እዩ።

**ኣብ ሆስፒታል ዝርከብ ኒሞንያ፦** እዚ ዓይነት ሕማም ኒሞንያ'ዚ ብባክተርያ ዝሰዓብ ኮይኑ ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዝጸንሕሉ እዋን ብዘጋጥም ሕክምናዊ ምርመራታት ዝርከብ ይኸውን። እዚ ዓይነት ኒሞንያ'ዚ ብዙሕ ግዜ ነቲ ዝወሃብ ጸረ-ረኽሲ መድሃኒት ስለ ዝጻወር ንምፍዋሱ ዝኸበደ ይገብሮ።




ብኮም ዝርከብ ሕማም ኒሞንያ፦ እዚ ነቲ ካብ ሆስፒታል ወጻኢ ብቐሊሉ ክልል ንዝኽእል ዓይነት ናይቲ ሕማማት የጠቓልል።

ኒሞንያ ተላባዒ ድዩ፧

መብዛሕትኦም ዓይነት ሕማም ኒሞንያ ተላባዕቲ እዮም። ክልቲኦም ብቫረስን ባክተርያን ዝስዕቡ ሕማም ኒሞንያ ብምስዓልን ብምህንጣስን ብዘወጹ ኣየር-ወለድ ነጠብጣብ ምስ እስትንፋስ ንወሽጢ ብምስሓብ ክላበዑ ይኽእሉ።

### ንሕማም ኒሞንያ ዝያዳ ዝቃላዕ መን እዩ

***ዝኾነ ሰብ ብሕማም ኒሞንያ ክጥቃዕ ይኽእል እዩ እቲ ዝያዳ በዚ ሕማም ግዳይ ዝኸውን ሰብ ግን፦***

- ዕሸላት ካብ ዝውለዱ ክሳብ 2 ዓመት ዕድመኦም ዘሎ እዋን። ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድመኦም ሰባት ድማ።
- ወቓዒ ዘለዎ፡ ናይ ምውሓጥ ጸገም ዘለዎምን ደንጎላትን ሰባት።
- ብሰንኪ ዝተፈላለዩ ሕማማት ወይ'ውን ብዝበዝሐ መድሃኒታት ብምውሳድ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘይብሎም ሰባት።
- ሽጋራ ዘትክኹን ብዝበዝሐ ኣልኮላዊ መስተ ዘዘውትሩን ሰባት።
- ኣዝማ፡ ድኻም ልቢ፡ ሕማም ሽኮር ...ወዘተ ዝኣመሰሉ ሕዱር ሕማማት ዘለዎም ሰባት እቶም ብቐዳምነት ነቲ ሕማም ዝቃልዑ እዮም።

### ዘቤታዊ ክንክን ንሕማም ኒሞንያ

ሕማም ኒሞንያ ዝሓመመ ሰብ ኣብ ርእሲ'ቲ ብ ክ ኢ ላ ታ ት ሕክምና ዝዋሃበሉ ግቡእ ክንክንን ፍወሳን ኣብ ገዝኡ ምስ ተመልሰ ምሉእ ብምሉእ ንኽሓዊ ክገብሮ ዝዋሃብኦ ዘቤታዊ ፍወሳ ብርክት ዝበሉ እዮም።

- ፈለማ ነቲ ብሓኪም ዝተዋህቦ መድሃኒት ብዝዋዕኡ ኣብ ግዜኡ ክወስዶ የድሊ።
- እኹል ዕረፍቲ ክረክብ ይግባእ።
- ብዝበዝሐ ፈሳሲ ክወስድ ይምከር።
- እኹል ዕረፍቲ ከይረኸበ ናብ ትምህርቲ ወይ ናብ ስራሕ ክምለስ ኣይግባእን።

ዝበዝሐ ግዜ መንእሰያት ካብዚ ሕማም ቀልጢፎም ክሓወዩ ክርእዩ እንከለዉ ህጻናትን ሽማግለታትን ግና በቲ ሕማም ምሉእ ብምሉእ ክሓወዩ ሳምንታት እዩ ዝወስደሎም።

### ሓልክታት ሕማም ኒሞንያ

ሕማም ኒሞንያ ብፍላይ ኣብቶም ትሑት ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ዘለዎም ሰባት ሓያሎ ጥዕናዊ ጸገማት እዩ ዘኸትል። ገለ ካብኡ፦

**ባክተረሚያ፦** ካብ ረኽሲ ኒሞንያ ዝመጸ ባክተርያ ናብ ዋሕዚ ደም ብምዝርጋሑ ዝፍጠር ጥዕናዊ ጸገም እዩ። እዚ ንጸቕጢ ደም ካብ ንቡር ንታሕቲ ከጉድሎ፡ ምንፍርፋር፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ድኽመት ኣካላት የስዕብ።

**መግሊ ሳንቡእ፦** እዚ ሳዱናትን ሻምብቆታትን ሳንቡእ ብመግሊ ብምምልኦም ዝፍጠር ጸገም እዩ።

**ድኽም እስትንፋስ፦** ናብ ወሽጢ ኣካልኻ ክትስሕብ ኣብ እትፍትነሉ እዋን ዝርአ ጸገም እዩ። ናይ እስትንፋስ ሕጽረት ድማ የስዕብ።

***ክዒ ሽፋን ሳንቡእ፦*** እቲ ሕማም ብዙሃኑ እንተዘይተሓኪሙን ግቡእ ክንክን እንተዘይረኺቡን ኣብ ሽፋን ሳንቡእ ዘይተደልዩ ፈሳሳትን መግልን ክፍጠሩ ይረአዩ። እዚ ድማ ኣዝዩ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ይፈጥር።

ሞት፦ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ኒሞንያ ሕማቕ ጽሕፍቶ እዩ ዝኸውን። ብሕክምና ምዕብልቲ ምኳና ኣብ ዝነገረላ ኣመሪካ ካብ 2 ክሳብ 3 ሚልዮን ሰባት ዓመታዊ ሕማም ኒሞንያ ይጥቅዖ። ካብዚኦም እቶም 60 ሽሕ ግዳያት ህይወቶም ይስእኑ።

ከምቲ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ሕማም ኒሞንያ ብሓኪምም ብዝውሃብ መድሃኒትን ምኽርን ክትፍወሶን ክትከላኸሎን ዝከኣል'ኳ እንተኾነ፡ ብግልኻ ክትገብሮ ዝግባእካ ክንክን ብዙሓት እዮም።

- ኣትክኺ ሽጋራ ምስ እትኸውን ሽጋራ ምትካኽ ክትቋርጽ ብቐዳምነት ትወስዶ ስጉምቲ እዩ።
- መዓልታዊ ኣእዳውካ ብማይን ሳሙናን ኣጸቢቕካ ክትሕጽብ ይግባእ።
- ኣብ እትስዕሉን እትህንጥሱን እዋን ኣፍኻን ኣፍንጫኻን ብመንዲል ክትሽፍን ይግባእ። ኣፍኻን ኣፍንጫኻን ንምጽርራይ ዝተጠቐምካሉ መንዲል ድማ ብዝዋዕኡ ጉሓፎ።
- ናይ ተጻዋርነት ዓቕምኻ ንምዕባይ እኹል ዝተመጣጠነ መግብን ድቃስን ክትረክብ ፈትን። መዓልታዊ ምውስዋስ ኣካላት ድማ ኣዘውትር።



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ጸብጻብ ጸወታት ኩዕሶ እግሪ ዋንጫ ዓለም 2026 |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ መኣዝን ልምዓት |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 14:25 | ዶክመንት |
| 15:55 | ዳህሳስ ሕትመት |
| 16:25 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ (ድግም) |
| 18:25 | ዶክመንታሪ |
| 19:25 | ሃሎ ቆልዑ |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ዶክመንት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:15 | መደብ ጸጋቓ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |

# ሰማእታትና

ግርማይ ወልደጊዮርጊስ (መንከሪዮ)

ኤርትራ መሬታ፡ ኣየራ ይኹን ባሕራ፡ ሰብ ይኹን ጸጋታታ፡ ዋናታቱ ሰማእታት'ዮም። ብኣዕጽምቶም ደሞምን ዝተነድቀን ዝተሓጽረን ከኣ'ዩ። ሕልምናን ባህግናን'ውን ከም ግራት ገደና፡ ብተልእኾ ሰውኣትና'ዩ ዝሕሎን ዝኽሰኩሰን ዝምእዘንን። ጎይቶት ህላወናን ቀጻልነትናን፡ ቀንዴልናን ብርሃንናን ትሕቲ ፈጣሪ ንሳቶም ሰውኣት እዮም።

ንሳቶም ኣብ ዝጸረጉዎ ሜዳ፡ ንሳቶም ኣብ ዘሓንጸጹዎ መስመር ንሳቶም ኣብ ዝመድመድዎ ጽንዓት ረጊጽና ኢና ንመላለስ ዘለና። ስለዚ ከኣ ኢና ዝሓለፈ ዘኽሪ ልደተ ናጽነት "ጽንዓትና ዋሕስና" ዝበልና።

ብዘይምዝምታ መዳፍዕን ሕጭጭታ ነፈርትን ኣብ ዝተበከለ ኣየር፡ ሰላሙ ኣብ ዝተዘርገ ቤት፡ ምንባርን ምንብባርን ይከኣል'ዶ፧ ሳላ ንሳቶም ዝተኸሉዎ ሰላም፡ ሳላ ንሳቶም ዘቖንጠጡዎ ጸላም፡ ሰላም መዝሙርናን ባህልናን እምነትናን ኮይኑ ኣሎ።

ኣብ ዘይቅሱን ጎደቦ፡ ከም ኣብ ሃልሃልታ ዝተሰኾተተ ቁራዕ-እትባራዕ ዓለም ንነብር ከለና፡ ብቅሳነትን ምስተርሆትን ንኽንመላለስ እግርን ሕቖን ዝኾኑና ንሳቶም እዮም። ምዕራባውያን ብዘሰርሑልና መዝጸር ዘይኮነ ፡ ተፈጥሮ ብዘለገሰልና ሕልናን መስዋእቲ ብዝሓተተ ቃልስን ብዘደለብናዮ ምህሮን ኢና ንኹነታትናን ከባቢናን እንርኢ።

ንሕና ከም ቲ ክዕንድራ ርኢና ኣለን ዝዕንድራ ኣብታይ (ምራኻውቲ) ዘይኮንና፡ "ከርከቦ ሮማዕ ኢለ ጠበንጃይ ወላዊለ" ዝበል ኣብ ርግኣትን ምስትውዓልን ዝተመርኮሰ መርሓ ጎደና ሒዝና ክንምርሽ ሞተረን ጎማን ዝኾኑና ሰማእታትና እዮም። ኤርትራ "ሃገረ ሰማእታት'ያ" እንብል ድማ ካብዚ ሓይሊ ሓሳብት እዚ ነቒልና ኢና።

ኩልና ከም እንግንዘቦ "መስዋእቲ ሓላላት - ንኤርትራ ፈጢሩ" እንተደኣ ኢልና፡ ኤርትራውያት ከኣ ሓቒፌ መንነት'ዩ። ብኣንጻሩ ከምቲ ሃመማ ጎሓፍ ዘምሕረሎ፡ እቶም ዝጠፈሹ ድዉያን ድማ ድንኪ ኣተሓሳስባ ዝሕመረቱ፡ ኣብ ትሕቲ ሃገራውነት ክቶማጥዑ ክንዕዘብ ጺሒሕና ኢና ንዕዘብ እውን ኣለና። ሰውኣትና ከኣ ዝኣም ከም ትፋእ'ዮም ዝጸየኑዎም። ኣብ መዝገበ ቃላት ሰማእታትና ድማ፡ ክድዓት፡ ጥልመትን ተወላዋላይን ዝበሉ ቃላት ሕሩማትን (Taboo) ውጉዛትን እዮም። ስለዚ ኩዓዕ ይኹን ዕሱብ ናይ መጀመርያ ባእሱ ምስ ሰማእታትና እዩ። ሰማእታት ፎእ ዝበሉዋ ነፍሲ ከኣ ከይዓንበቡት እትሓርር ቀጽሊ ከም እትኸውን ታሪኽ ይነግረና'ዩ። ምስ ሰማእታት ምብኣስ ማለት ናይ ምጽታትካ ጽንበል ወይ ድግስ ምድላው ማለት እዩ። እቶም ንጹሃን ሃገራውያን ግን ንሰውኣት ይውክሉ፡ ብተግባር ድማ ኣምባሳደራት ሰውኣት እዮም።

ሕሙም ሰቕ እንተ ኣብዚሑ ሞቱ ከምዝተቓረበ ዘመልክት'ዩ። ንሕና ድማ ካብ ሰማእታትና ተፈንቲትና፡ ረሲዓንን ኑብስና ዝምስጠናን እንተኼንና፡ ሸዑ ጥፍኣትና ከም ዝኣኸለ ባዕልና ንምስክር ኣለና። ምኽንያቱ ሰማእታትና ንሱብ ብሕብሩ ዘይኮነ ብግብሩ፡ "ኣበይ'ዩ ሰፈሩ"፧ ዘይኮነ "እንታይ'ዩ ተግባሩ" ብዝብል ስለዝዕይሩዎ።

ሰውእ ኑቲ ኣጻፍሩ ኣብሊሑ ኣሰናኑ ስሒሉ ምልእቲ ሃገር ከጥፍእ ተሃንዲዱ ንዝመጽአ ተኾላ፡ ዓይኑ ሰም ከየበለ፡ ፊት ንፊት ገጢሙ ኑቲ ብርቱዕ ውሕጅ ከምዘይኣበረ ኣብ ሑጻ ከም ዝሰተ ዝገበረ ልዕለ ሓያላን እዩ።

ሰማእታት ኤርትራ ኣብኦም ኩሎም ኣብ ዓለምና ብስም ሰማእቲ ዝጽውዑ፡ ሓለፉ ዘለዎም ምሩቓት እዮም። ምኽንያቱ ንሰውእ ክብሪ ዝሁብ ሃገረ መንግስትን ህዝብን ዝተዓደሉ ብምዃኖም። ከምቲ ካብ ኩለን ኣድባራት ንሓደ "ርእሲ-ኣድባራት" ኢልና እንሰምዮ፡ ካብ ኩለን ሃገራውያን በዓላትና ድማ፡ ዕለተ ሰማእታት ርእሲ ሃገራውያን በዓላትና ክትከውን ምሕራይና ንባዕሉ ሓደ መርኣያ ክብረትና ንሰማእታት'ዩ።

"ቅሰኑ ሰማእታትና" ክንብል እንክለና ተራ ፕሮቶኮል ወይ መዝሙር ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ብተግባር ዝግለጽ እምነትናን ሰገምናን እዩ።

መስዋእቲ ኣብ ኤርትራ፡ ካብ ካልኦት መዛኑና ዝኾኑ ሕብረተሰባት ተፈልዩ ብርቂ ዝኾነሉ ምኽንያት ገለ ካብቲ ብዙሕ እዚም ዝስዕቡ ውሑዳት ክጠቕስ፡

## 1ይ - ገድሊ መዓስ ኣጋዲሉ መጋድልቲ'ምበር

"ብጺይ- ብጻይቲ" ዝበሃሉ ደጊምካ ከምስርሑ ዘይከኣሉ፡ ንገደል ናብ ጉልጉል ቀይሮም፡ ምግዳልን መስዋእትን ናብ ናይ ኩዕሶ ሜዳ ብምቕያር ባህታ ዝፈጥሩ፡ ጢያይቲ ከም ንፋስ ብጉንዲ እዝዮም እናፋጸዩ፡ ሃመማ ከም ዝሓለፎም "ሰስ" እናበሉ ብዘይ ምዩቕ ዝጠኑ፡ ንሞት ዝየቕዑ፡ ምህላዎምን ቀጻልኑቶምን ብስረኦም ዘረጋገጹ ኣናብስ፡ መስዋእቲ ባህሊ ምኳኑ ዘምሃሩን ኣብኡቶም ሰዒቦም ኣሸሓት ከምዝጋደሉ ዝገበሩን እዮም - መጋድልቲ!

## 2ይ - ጠበንጃ መዓስ ኣዋጊኡ መትከል'ምበር

ርእሰ ሓያላን ቡዕብረ ኣብ ዘኹድዱሉ ዓውዲን ጎደቦን፡ ክምህ ከይበልካ ፈንጠሰካ ክትወጽእ ምኽኣል፡ ጠበንጃ ዝፈጠሮ ሓይሊ ዘይኮነ እንታይ ደኣ መትከል'ምበር! "መትከል ዝረገጸ ኣይስሕትን ሹቶኡ፡ ንዝመጽእ ጎጽ የትሕዞ ቦታኡ" ተባሂሉ ዝተደርፈ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን ኣይነበረን።

## 3ይ- መንኖ ክጸንሕ ተባሂሉ ኣይተኣትወን ውዕል

ስውእ ወልደንኪኤል ሃይሉ፡ ኣብ 1976 ኣዝዩ በጠሎንና እዩ ነይሩ። እዚ ኣብቲታውን ጸላውን መራሒ እዚ፡ ኣብቲ ውሑዳት ዝነበሩሉ ጽንኩር እዋን፡ ብጾቱ ከም ወጽኢት ነዊሕ ጉዕዞ፡ ድኻምን ጥሜትን ተጻዊንምም ኣብ ዝተዓዘበሉ ህሞት፡ ንምብርባሮም ዝኣክል፡ "ስምዑ ብጾት ናጽነት መዓስ ኮን ትመጽእ ይመስለኩም፧" ክብል ሓቲቶም።

እቶም ውሑዳትን ተባዓትን ብጾቱ፡ ገለ "10 ዓመት" ገለ "20 ዓመት" ገለ ድማ ድሕሪ ሓሙሽተ ዓመት" ብምባል ዝዘመስሎም መለሱ። ስውእ ወዲ ሃይለ "ብጾት! ኤርትራ መዓስ ናጽነታ ከምእትረክብ ግምታት እንተዝህልወና፡ ገዛና ጺሒሕና፡ ኣብቲ ክዉንነት ናጽነት ዘረጋገጽናሉ ግምት ንኽንጋደል ወይ ንኽንጋጽንብር ኢልና ምመጻእና፡ ንሕና ግን ናጽነት ክትመጽእ ወይ ክትጭበጥ ከም እትኽእል ብምልኣት ልቢ ኣሚንና፡ ክሳብ ጫፍ መርፍእ ክንቅጽል ዝመረጽና፡ ደቂ ሓላላት ኢና" ክብል ኣብርሃሎም።

ብርግጽ ውዕልን ኩንትራትን ዘይብሉ፡ ዝኣመነ ኩሉ ተጋዳሊ፡ ተሰዊኡ፡ ሰንከሉ ናጽነት ድማ ህያው ገይሩ። ሕጂ ድማ ኤርትራ "ጥርዚ ሰማይ ምዕባለ መዓስ'ያ ክትበጽሕ" ዝበል ሕቶ ከየቋሰና፡ ከም ሰማእታትና እምነት ኣብ ልብና ቋጺርና፡ ሕልናና ንእወታዊ ድሮኹት ቃሂና ብተግባር ምምራሽ ጥራይ'ዩ። በዚ ከኣ ኢና ምስ ሰማእታትና ብቐጢን ገመድ መትከል እንተኣሳሰር።

ኣብታ "ቀጸላ ሰብኣዊ ድሌታት" (Human hierarchy of needs) ብዝብል ኣርእስቲ ብኣብርሃም ማስለው ዝተጻሕፈት መጽሓፍ እዚ ዝስዕብ ሓሳብ ንረክብ፡ ሓደ ሰብ ኑዩም ኩሉ ዝሰማማዓሉም ሽዱሽተ ኣገደስቲ ድሌታትን ባህግታትን ወዲ ሰብ "ይትረፈኒ ወይ ወጊድ" ኢሉ ነታ ሻብዐይቲ ግና ማንም ከማዚ ከማይ ዘይጉብራ ማለት - ንኣዝዩ ዝለዓለ ክዉንነት ክትዓትር ወይ ኩተተግብር ካብ ምድላይ እትኸፍሎ ኣዝዩ ክቡር ዋጋ ወይ መስዋእቲ ናይ ምፍጻም ቅሩብነት (transcendent) እዩ።" ይብል።

እዚ ተግባር'ዚ እንትርፎ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር (ሰውእ) ካልእ ማንም ዝገበሮ የለን። ኣብቲ ንኡበስኻ ረሲዕካ፡ ብምልኣት ኣገልግሎት ንዕላማ ዝኸፈል ዋጋ፡ ቅሩብ ካብ ምዃንን ብዮጉብሪ ካብ ምትግባሩን ንላዕሊ ካልእ መግለጺ ሰማእታትና የለን።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!**
**ዓወት ንሓፋሽ!**

## መባእ

መጉት ረቲዐ
ተዋጊአ ኣድሚዐ።
ተኸለይ ተኸሊ ራህዋ
ተኸሊ ሰናይ ተኸሊ ጺጋ፡
ብጭኻሮ ዓጽመይ ተኹስኩሳ
ብመስኖ ኣንጉዐይ ተርኪሳ፡
ዓንቢባ - ኑበሰ ሲጋይ ተመጊባ
ፈርያ - ደም ረሃጸይ ሰትያ።

ዓሰቢ ጻማይ ሰላም ሓፊሰ
ልበይ ዓሪፉ ኣስተርሕየ ደቂሰ፡
ኮበርታይ ጨርሒ ጉረቤተይ ቈጥቋጥ
ደጊም መቂሩኒ ዕጨ እምኒ ምጽቃጥ፡
ሓመድ መንጸፈይ ፍርናሽ ጥዒሙኒ
ኣካ ለሰለሰለይ መተርኣሰይ እምኒ!
ዘተክዝ እንዶ'ሞ እህህታ ሰሚዐ
እህህታኺ ኣደየ ካብ ልቢ 'ተጉስዐ!

ዓዓሊልኪ ትኑብዒ
ጨጨፈርኪ ትኑብዒ
ደደሪፍኪ ትኑብዒ
ሰሳዕሲዕኪ ትኑብዒ
ተሓቢንኪ ከኣ ትኑብዒ፡
ክልተ ኣምሳል - ኣብ ሓደ ኣካል።

ብጾተይ፡ ከም ካብ ዓጺድ ቀሪም ዝተረፉ
ብጾተይ፡ ከም ካብ ብሱል ጥረ ዝወጹ
ገጽኪ ይሕልዉ'ለዉ'ሞ ክትኑብዒ ይስቀቑ
ንኣም ሕሱብለይ ምትራፍም ከይጸልኡ።

ከምቲ ትምንንዮ መባእኪ ንጽድቂ
መባእ እንድየ ኣነስ መባእ ስለ ሓቂ፡
ኣመና ክቡር'ዩ ናጽነት ዋጋኡ
መባእ'ውን ንቡር'ዩ ከይምለስ ናብ ቆፎኡ።

**ሰሎሞን ጸሃየ**

## ሞይቱ ኣይትበሉ

ተኣምራት ዝፈጠረ
ፈጢሩ ዝተፈጥረ
ትንፋስ ኣግዚሙ
በጃ ዝሓለፈ
መን'ንሱ
ሱብ'ዶ ይኸውን
ሱብ ሲጋ ለበሰ
ሱብ ድኣ መዋቲ እንድኣሉ
ሓለፈ ተባሂሉ ዝልቀሰሉ
ሱብ ክነሱ
ካልእ'ዩ ፍጥረቱ
ሓጺ'ን'ኳ ዝምርት
ሓልዩ ሰዓቱ
ኣስተውዕሉ
ሞትን መስዋእትን
ኣለዎ ፍልልዩ
ብመስዋእቲ ዝኑብር
ዝያዳ'ዩ ዝሃጥር
ልብን ሕልናን'ዩ ኣዕቢዩ
ኣእላፍ መንፈስ ፈጢሩ
ህላወን ዘለኣለምን
ወቒጡ' ኣብ ማእገሩ
ረዚን'ዩ መንፈሱ
ኣብ ልቢ ኣሸሓት
ህይወት ዘሪኡ
ኣፍርዩ ብሉጻት
ርኢኹሞዶ ምሳኹም
ብመንፈስ ከዕልል
ዕላሉ'ንካ ክጥዕም
ሃገር ዘቖድም
ንብይኑ'ዩ ምትሃቱ
ኣብርዩኒ'ንካ ዘይበለ
ኣሰር ሕላገቱ
ኣብ ልቢ ኣእላፍ ዘጽለለ
ሱብ እኮ ይመውት'ዩ
ኣለኹ እናበለ ዘይፈልጥ መዓልቱ
ታሪኽ ዘይብሉ ሓመድ መሳልዩቱ
ናይ ጅግና ግን
በይኑ'ዩ ፍጥረቱ
ካብ ሱብ ዝፈልዮ
በጃ ካልእ ምሕላፋ።

**ምስግና ተኸላይ (ዋርሳይ)**
**ጉጅለ ባህሊ ኣውካን - ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ**

ሽባብ
ሃማመተኤ

ሓሳባት

# መንእሰይ፡ መጻኢኻን ሕሉፍካን ሓሉ

ስምኦን ወልደሚካኤል

መንእሰይ፡ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ዓንዲ ሕቘን መጻኢ ተስፋን እዩ። ኣብ መንነት ሓደ ሰብ ካብ ዘለዉ ዓበይቲ ረቛሒታት ድማ እቲ ዝመጽኣሉ ታሪኽ (ሕሉፍ)፡ ከምኡ ድማ እቲ ዘማዕዱዎ ራእይ (መጻኢ) እዮም። ሕሉፍ ታሪኽ ማለት ትማሊ ዝሓለፍካዮ ጥራይ ዘይኮነስ፡ መንነትካ፡ ባህልኻ፡ ቋንቋኻን ክብርታትካን እዩ። ሓደኦም ጽኑዕ ኮይኑ ንሰማይ ክዓርግ ዝኽእል፡ ሱሩ ኣብ መሬት ምስ ዝሰደድ ጥራይ እዩ። ታሪኽ ሃገርካን ህዝብኻን ምፍላጥ፡ ርእሰ ተኣማንነት ይህበካ። ካብ ጌጋታት ትማሊ ትመሃር፡ ብዓወታት ትማሊ ድማ ትኾርዕ። እቲ ካብ ወለድና ዝወረስናዮ ናይ ምክባር፡ ምትሕግጋዝን ጽንዓትን ባህሊ ኣብዚ ግዜ ከይጠፍእ ምሕላው ናይዚ ወለዶ ሓላፍነት እዩ።

መጻኢ ማለት ሎሚ እትዘርኦ ዘለኻ ፍረ እዩ። መንእሰይ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ሓይሉን ግዜኡን ብግቡእ እንተ ዘይተጠቒሙሉ፡ መጻኢኡ ኣብ ሓደጋ'ዩ ዝወድቕ። ኣብዚ ዘለናዮ ናይ ተክኖሎጅን ፍልጠትን ዘመን፡ ብፍልጠትን ክእለትን ዓቕምኻ ምዕባይ እቲ ዝዓበየ ውሕስነት መጻኢ እዩ። መጻኢ መንእሰይ ካብ ዘበላሸው ብዙሓት ረቛሒታት ብዘይ ዕላማ ግዜኻ ምብኻን እዩ። ብዘሎዎ ዝከኣሎ እናገበረ ዝነብር መንእሰይ፡ መጻኢኡ ከም ዝጽብቕ ፍሉጥ እዩ። ዕድላት ክመጽኡዎ ከይተጸበየ ብጻዕርን ብልሓትን ዝነብር መንእሰይ ኩሩዕን መኹርዕን እዩ።

መንእሰይ ኣብ መንጎ እቲ ዘሐብን ታሪኽ ወለዱን እቲ ብሩህ ክኸውን ዝደልዮ መጻኢኡን ከም ድልድል ኮይኑ ክዝርጋሕ ኣለዎ። ሕሉፍካ ምፍላጥ “መን እየ፧” ንዝብል ሕቶ እዩ ዝምልስ። መጻኢኻ ምሕላው ድማ “ናበይ እየ ዝኸይድ ዘለኹ፧” ንዝብል ሕቶ ይምልስ።

ታሪኹ ዘይፈልጥ ህዝቢ፡ ከምቲ መንገዲ ዝጠፍኦ ገያሺ እዩ እናተባህለ ይግለጽ እዩ። ስለዚ፡ መእሰያት ነቲ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍሎ ታሪኽ ሃገርና ከይደወን ክንሕልዎ ሓላፍነት ኣለና። ማዕረ ማዕሪኡ ከኣ እቲ ብሩህ መጻኢና ፋኑስ ፍልጠትን ስነ ምግባርን ክንውልዓሉ ኣሎና። ሎሚ እንወስዶ ስጉምቲ ናይ ጽባሕ ታሪኽና ምኽኑ ክንርስዕ የብልናን።

ኣብዚ ዓለም ብዙሓት መንጠልቲ ኣለዉ። መንእሰይ ዕላማኡ ስሒቱ ተስፋ ንኽቘርጽ ዝጽዕሩ ብዙሓት መንጠልቲ ኣለዉ። ግዳያት ናይቶም ገሊኦም ንብረትካ፡ ገሊኦም ገንዘብካ፡ ገሊኦም ክብርኻ፡ ገሊኦም ሕልምኻን ባህግኻን፡ ገሊኦም ሕሉፍካ፡ ገሊኦም ከኣ መጻኢኻ መንጢሎም ግሁይ፡ ሕዙን፡ ጣዕሳ ዝሰምዖ፡ ተስፋ ኣልቦ ክገብሩኻ ዝደልዩ መንጠልቲ ከይንኸውን ክንጥንቀቕ ኣሎና። ኣብዚ ብውዱት ዝተመልአ ዓለም፡ መንእሰይ ንብረቱ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንመንነቱን ንውሽጣዊ ሰላሙን ልዕሊ ዝኾነ ነገር ክሕሉ ይግባእ።



ስለዚ፡ ካብቶም ሕልምናን ባህግናን ዝመንጥሉ ንጠንቀቕ።

ነቲ ዓቢ ክትከውን ዘሎካ ባህጊ ንኸምክኑ ዝጽዕሩ ሰባት ፈቖዶኡ ዛሕ ኢሎም ኣለዉ። ከምዚኦም ዓይነት ሰባት “ኣይትኽእልን ኢኻ፡” “እዚ ንዓኻ ዝኸውን ኣይኮነን፡” “ከማኻ ፈቲኖም ኣይተዓወቱን፡” ብምባል፡ ተስፋ ኣልቦ ክገብሩኻ ይደልዩ። ሕልምኻ ምስ ተመንጠልካ፡ ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ክትመርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ገሊኦም ከኣ ነቲ መሰረትካ ዝኾነ ሕሉፍ ታሪኽካ ክምንጥሉኻ ዝደልዩ እዮም። ታሪኽካ ከም ዘይነበረ ክገብሩ፡ ባህልኻን ክብርታትካን ከም ድሑር ክቖጽሩ ዝጽዕሩ ሓሊፍካ ጽንሓዮም። ሕሉፉ ዝተመንጠለ መንእሰይ ሱር ስለ ዘይብሉ ንፋስ ናብ ዝወሰዶ እዩ ዝኸይድ። ስለዚ፡ ታሪኽካ ፍለጥ፡ ብባህልኻን መንነትካን ድማ ኮርዓት ይሰምዓካ። ሱር ዘይብሉ ኦም ቀልጢፋ እዩ ዝሓርርን ዝወድቕን።

ሓደ ካብቶም ዝዓበዩ ሃብቲ መንእሰይ ክብሩን ስነ ምግባሩን እዩ። ብናይ ግዝያዊ ረብሓ ወይ ብናይ ሓሶት ተስፋታት ኣታሊሎም፡ ካብቲ ቅኑዕ መገዲ ከውጽኡኻ ዝደልዩ ሰባት እንተ ገጢሞምኻ ጕሲኻዮም ሕለፍ። ክብሩ ዝተመንጠለ ሰብ፡ ኣብ ውሽጡ ናይ ጣዕሳን ጓህን ስምዒት እዩ ዝነግስ። ስለዚ፡ ሕልናኻ ዝኣምነሉ ቅኑዕ ስጉምቲ ውሰድ። ንግዝያዊ ረብሓ ኢልካ ነባሪ ክብርኻ ኣይትሸጥ።

መጻኢና ዋላ'ኳ ኣርጊጽና ዘይንፈልጦ ይኹን፡ ብብዙሕ መዳዩ ግን ኣብ ኢድና እዩ ዘሎ። ግዜኻ ብኸንቱ ክጠፍእ ዝገብሩ ናይ መዘናጋዒ ወልፍታት፡ ሕማቕ ዕርክነት፡ ተስፋ ምቑራጽን ዘወንወን ምባልን ነቲ ክትበጽሖ ዝግብኣካ ብሩህ መጻኢ ይዝርፉዎ እዮም። መጻኢኡ ዝተመንጠለ መንእሰይ፡ ተስፋ ኣልቦ ኮይኑ ናብ ጓህን ጭንቀትን እዩ ዝቃላዕ። ሎሚ እትዘርኦ ፍረ፡ ጽባሕ እትዓጽዶ ምዃኑ ኣይትረስዕ።

ንብረትካ እንተ ተመንጢልካ ክትተክኦ ትኽእል ኢኻ። ኣሕዲጉ ዝመልሰልካ እውን ኣይትስእንን ትኸውን። ሕልምኻ፡ ክብርኻን ታሪኽካን እንተ ተመንጢልካ ግን ንምምላሱ ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ፡ ብንቕሓት ተጓዓዝ። ሕሉፍካ ብኽብሪ ሓዞ፣ መጻኢኻ ድማ ብተስፋን ብጻዕርን ቅረጾ።

ሓደ መንእሰይ ትርጉም ዘሎዎ ህይወት ክመርሕ እንተ ኮይኑ፡ ኣብ ውሽጡ ክልተ ዓይነት ናፍቖት ክህሉዎ ይግባእ፣ ናፍቖት ሕሉፍን ናፍቖት መጻእን። እዚኦን ምስ ዝጠፍኣ፡ ህይወት መንእሰይ ከምቲ ብንፋስ ዝለዓል ፊስታል እዩ ዝኸውን። ናፍቖት ሕሉፍ ምህላው ማለት ናብ ትማሊ ተመሊስካ ምትራፍ ማለት ኣይኮነን። ሕሉፍ ዘይናፍቕ መንእሰይ፡ መሰረት ስለ ዘይብሉ ንመንጠልቲ መንነት ቀሊል ግዳይ እዩ ዝኸውን። ማዕረኡ ከኣ መጻኢኻ ክትናፍቕ እንከለኻ ንጽባሕ ዝሓሸ ሰብ ክትከውን ምህንጣይ ማለት እዩ። ናፍቖት መጻኢ ካብ ድቃስን ትኽስን የበራብር፣ ንጸገማት ንክትስዕር ከኣ ትብዓት ይፈጥር። መጻኢኡ ዘይናፍቕ መንእሰይ፡ ተስፋ ዝቖረጸን ብናይ ሎሚ ጥራይ ዝነብርን ስለ ዝኸውን፡ ንመንጠልቲ ሕልሚ ቀሉዕ እዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይዞም “መንጠልቲ” ዝበልናዮም ሓይልታት ነዞም ክልተ ናፍቖታት ካብ ውሽጥኻ ንምጥፋእ እዩ። ሕሉፍካ ከም ዘይነበረ፡ መጻኢኻ ከኣ ከም ዝጸልመተ ክሰብኩኻ ዕድል ክወሃቡ የብሎምን።

ንሰረቕቲ ወይ ጸየቕቲ ሕልሚ፡ ሕሉፍን መጻእን ብኸመይ ንከላኸሎም፣ እቲ ቀዳማይ ንቕሓት እዩ። ጸላኢኻ ወይ እቲ ሓደጋ ካበይ ከም ዝመጽእ ምፍላጥ ፍርቂ ዓወት እዩ። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝዝርግሑ ተስፋ ዘቝርጹ ወረታት፡ ወይ ቀሊል መገዲ ዘርእዩኻ ወይ ዘይጭበጥ መብጽዓታት ዝኣትዉልካ መታለልቲ ምዃኖም ምፍላጥ ወሳኒ እዩ። ስለዚ፡ ነቲ ዘሐብን ሕሉፍና እናናፈቕና መሰረትና ነጽንዕ። ነቲ ብሩህ መጻኢና እናናፈቕና ድማ ንቕድሚት ንሰጉም። ናፍቖት ዘይብላ ህይወት መራሒ ዘይብላ መርከብ እያ ትመስል። ስለዚ፡ ሕሉፍናን መጻኢናን ብናፍቖትን ብጥንቃቐን ንሓዝ።

## ነብሰ ምሕደራ ኣብ ውልቃዊ ሂወትካ፡ ስድራኻ፡ ከባቢኻን ሃገርካን ዘለዎ ረብሓ ከመይ ዝበለ'ዩ?

*ግዝእ ነብስኻ ምምሕዳር ኣብ ሂወት ወሳኒ እዩ። ግዝእ ነብሱ ዘየመሓድር ሰብ ንነብሱ፡ ንስድርኡ ይኹን ንትካሉ እንታይ ከባቕዕ ይኽእል? “ነብሱ ዘይወደበ ሰብ ንውድብ እንታይ ይገብረላ?” ዝብል ኣበሃህላ እውን ኣሎ። ነብሰ ምሕደራ ንሂወት ብጥበብ ወይ ብጥቅውና ምምራሕ እዩ። እቲ ሂወቱ ብጥበብ ዝመርሓ ናብቲ ዝደልዮ ዕላማ ክበጽሕ ኣይጽገምን። ኲታስ ጉዕዞ ደቂ ሰብ ብምሕደራ እዩ ዝምእዘን።*

*መጽሔት መንእሰይ ቁ.72፡ ኣብዚ ተላዒሉ ዘሎ ንኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ዘገድስ ዛዕባ መረዳእታኦምን ሓሳባቶምን ከካፍሉ፡ ኣብ ነንበይኑ ዓውድታት ስራሕ ተዋፊሮም ንዘለዉ ኣባላት መበል 23 ዙርያ ቤት ትምህርቲ ካድር ህግደፍ (ናቕፋ) ዓዲማቶም ኣብ ዘካየደቶ ዘተ፡ ንሎሚ ንመልሲ ሓደ መንእሰይ ከነቕርብ ኢና።*



ልዋም ሓጎስ

ነብሰ ምምሕያሽ፡ ቀጻሊ ክትግበር ዘለዎ ንጥፈት እዩ። ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ግዜ ዝውዳእ ኣይኮነን። ኩነታት፡ ህይወት ከምኡ'ውን ባዕሉ እቲ ውልቀ ሰብ ኣብ ቀጻሊ ለውጢ እዩ ዝርከብ። ስለዚ፡ እቲ ውልቀ ሰብ፡ ምስ'ቲ ዘጋጥም ለውጥታት ናይ ኩነተ ህይወትን ደጋዊ ኩነታትን ተወሃሂዱ ንክኸይድ፡ ቀጻሊ ነብሰ ምምሕያሽ ክገብር የድልዮ። ካልእ ምኽንያት እውን፡ ነብሰ ምዕባለ ደረት ስለ ዘይብሉ እዩ።

ለውጢ ክትገብረሉ ዘለካን ዘይብልካን ባህርያት ንኽተለልይ፡ እቲ ሒዝካዮ ዘለኻ ባህርያት ኣብ ቦታ ስራሕካ፡ ትምህርትኻ ይኹን ካልኦት ማሕበራዊ መቓናት፡ እንታይ ጽልዋ ይገብረልካ ኣሎ ብምስትብሃል እዩ። ኣሉታዊ ጽልዋ ዘስዕበልካ እንተ ሃልዩ፡ ብኸመይ ተወግዶ ትምህዝ፡ እወንታዊ ጽልዋ እንተ ሃልዩዎ ኸኣ ንኽተደንፍዖ ትጽዕር።

ኣብ ባህርይ፡ ኣብ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ኣረኣእያ፡ ኣብ ብቕዓት፡ ተሞኩሮን ኣብ ባህሊ ስራሕን ውጽኢታዊ ለውጢ ንኽተምጽእ፡ መጀመርታ፡ ነቲ ክትልወጦ ዘድልየካ ነገር ብምሉእ ልብኻ ክትኣምነሉ ኣለካ። እዚ ማለት፡ ንኽትልወጥ ምሉእ ድሌትን ሃቐናን ክህልወካ ኣለዎ። ብተወሳኺ ዝመጽእ፡ እቲ ከተምጽኦ ዝደለኻ ለውጢ፡ ቀጻሊ ዝኾነ ወፍርን ጻዕርን ክትገብረሉ ኣለካ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ብሓደ ግዜ ደርማስ ለውጢ ከተምጽእ ምጽባይ ዘይኮነ፡ በብመዓልቱ ምምሕያሻት እናገበርካ ምስ እትኸይድ፡ እቲ ለውጢ ዝደልደለን ዝጸበቐን ይኸውን። ብሳልሳይ ደረጃ ዝመጽእ ረቛሒ፡ ለውጢ ንኽተምጽእ ኣብ እትገብሮ ጻዕርታት ብዘጋጥሙኻ መሰናኽላት ከይተደሃልካ፡ ንኽትብድሆም ድሉውነት ክህልወካ ይግባእ። እዚ ረቛሒታት ምስ እተማልእ፡ ኣብ ባህርይ፡ ኣብ ኣተሓሳስባ፡ ኣብ ኣረኣእያ፡ ኣብ ብቕዓት፡ ተሞኩሮን ኣብ ባህሊ ስራሕን ነባርን ውጽኢታውን ለውጢ ከተምጽእ ትኽእል።

***

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following positions

1. **Position: HME Operator**

**Department: Processing and Underground Operations**
**Section: Asheli Underground**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To safely and efficiently operate underground heavy mobile equipment, including remote mucking systems, in support of production and development targets, while mentoring and developing national operators and ensuring compliance with site safety and operational standards.

**Essential Function**

- Safely operate underground heavy equipment in both manual and remote modes
- Execute mucking, hauling, and related production tasks efficiently
- Train and mentor national operators to improve competency
- Ensure compliance with all safety, operational, and environmental procedures
- Maintain equipment in good working condition and report defects
- Support achievement of production and development targets.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Safety and Compliance**

- Adhere to all underground safety standards and procedures
- Conduct pre-start inspections and ensure equipment is safe to operate
- Exercise stop-work authority when required

**Production Execution**

- Perform efficient mucking and hauling in line with mine plan
- Maintain optimal bucket fill factors and cycle times
- Minimize dilution and ore loss during mucking operations
- Coordinate with supervisors to meet shift production targets

**Equipment Operation and Care**

- Operate equipment within design limits and OEM standards
- Prevent equipment damage through proper operation

**Training and Mentorship**

- Provide hands-on training and coaching to national operators
- Support competency development and skills transfer
- Act as a role model in performance and behavior

**Communication and Coordination**

- Maintain clear communication with supervisors and team members
- Provide accurate feedback on production and equipment performance.

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically medically fit.
- Understanding of draw control principles (managing dilution and flow of material)
- Maintain productivity while ensuring zero exposure of personnel to active draw points.
-

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
| --- | --- |
| • Grade 12<br>• Valid certification/license for underground heavy equipment operation<br>• Experience operating multiple equipment types (multi-skilled preferred)<br>• Previous experience working in an expat or developing workforce environment (preferred)<br>• Trainer/Assessor certification (advantageous for expat role). | • Minimum 5+ years underground mining experience<br>• Experience with remote/tele-remote mucking systems<br>• Experience working in a multicultural or developing workforce environment<br>• Familiarity with safety systems, ground control practices, and mine standards. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Competent in remote mucking systems and control interfaces<br>• Ability to conduct pre-start inspections and identify mechanical defects<br>• Basic troubleshooting and mechanical awareness<br>• Ability to interpret mine plans, draw points, and stope layouts. | • Strong safety-first mindset<br>• Effective communication across language and cultural barriers<br>• High level of accountability and professionalism<br>• Drive and enthusiasm<br>• Team-oriented with the ability to influence and coach others<br>• Proactive and solution-focused approach. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272 Asmara, Eritrea**

### ምስጋና



ብሃንደበታዊ ዕረፍቲ ክቡር ብዓል ቤተይ ኣቶ ኣሲያስ ዘርኣ ገረዝጊሄር፡ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፡ ክሳብ ኣውሰሉ ጸሩ ብምኻድ ዘቃበርኩምናን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ወሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምናን ፈተውትን መቕርብን ኮርፖረሽን ጥሪትን ዘራእትን የቐጽልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ምስጋናና ንገልጽ።

ብዓልቲ ቤቱ ሄለን ሃይለ
ምስ ደቀይን ምሉኣት ስድራቤትን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣንላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ መሓሪ ኣብርሃ ዑቕባዝጊ፡ ሓወና ስሎሙን ኣብርሃ ከም ኡ'ውን ሓፍትና ግደይ ኣብርሃ ስለዝዋረፋ፡ ኣነ ምስ 1.ሌ/ኮ መሓሪ ኣብርሃ ዑቕባዝጊ 2.ነ/ሄራት ሮዝ ኣብርሃ ዑቕባዝጊ ተተካእቲ 3.1 ኣለን የውሃንስ 3.2 ነ/ሄራት ኣኸበረት፡ ተተካኢት ጓል 3.2.2 ዘቢብ ሓየሎም ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲ በረኸት ተስፋይ ጸጋይ፡ ተኸሰስቲ 1.ኣቶ ሃብተ ጸጋይ 2.ወ/ሮ እልልታ ጸጋይ ንዝ ምልቃቕ ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ቤት ፍርዲ ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ግርማይ ኣብርሃ ሃብተሚካኤል፡ ተጸዋዕቲ ነ/ሄ ዑቕባማርያም ሃብተሚካኤል ወ/ሮ ትርሓስ ኣብርሃም 2.ፍ/ሄር ተስፋይ ኣብርሃም ኣሌክሳንደር ተስፋይ ኣብርሃም፣ ብኣመልካቲ ንጉዳይ ሰበዋ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ራህዋ ብርሃነ ወልዱ፡ ብዓል ቤተይ ኣስፍሃ ገብረሚካኤል ባህሩ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምንያ ሃብተኣብ ብርሃነ፡ ብዓል ቤተይ መሓሪ ባህልቢ ንጉስ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 11 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲት ሜላት ፍጹም ተስፋይ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ኤፍሬም ተስፋይ ተኽልዝጊ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ኢያቦ ገብረሂወት ከሰረዳን፡ ኣደይ ምብራቕ መብራህቱ ገብሩይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ኣበባ ገብረኣምላኽ ተኽለገርግሽ ምግባል ተሪፉ፡ ኣበባ ገብረኣምላኽ ተስፋገርግሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሸዋ ወልዳይ ከሊብ፡ ብዓል ቤተይ ሃይለመስኮት መርሃጼን መብራህቱ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ልኡል ዓንደጼን ተስፋማርያም፡ ብዓል ቤተይ ተስፋይ ገብረስላሴ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሰናይት ትኩእ ኣስፍሃ፡ ኣደይ ወ/ሮ ለምለም ዘራጽዮን ወልደገብርኤል፡ ብስማን ብስም ወላዲ ኣቦይ ነፍ/ ትኩእ ኣስፍሃ ሰለሙን ተመዝጊቡ ዘሎ ገዛ ቁ/ምስክር ወረቐት 105932፡ መ/ቁ 128915 ብቐንዲ ክፍልታት 3 ሓገዝቲ ክፍልታት 2፣ ብዕለት 17/10/2019 ብቁ/መዝ 0287/2019 ብዝገበረትለይ ወህበቶ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ወ/ሮ እዝዮዝርያ እስቲፋኖስ ግርሙ፡ ብዓል ቤተይ ሃብተ ገብረኣብ ሃይለ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ገብረኣላ ተወልደ ገብረስላሴ፡ ሓወይ ተኪኤ ተወልደ ገብረስላሴ ስለዝዋረፈ፡ ኣቦይን ኣደይን መወትቲ ስለዝኾኑ፡ ናይ ሓወይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዑቕባጋብር ዞርያስ ተወልደብርሃን፡ ኣቦይ ዞርያስ ተወልደብርሃንን ኣደይ ዝፋን ህድኣት ገብረን ስለዝዋረፋ፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

1ይ ቤትፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ ሄለን መብራህቱ ገብረሂወት፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ተኪኤ ተስፋሃማርያት ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓዋእ ኢብርእሓም ዓብደላ ምግባል ተሪፉ፡ ሃዋ ኢብራሂም ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ተከሌዛን

ሃዋ ረድኢ ናሽሕ ምግባል ተሪፉ፡ ራህዋ ረድኢ ናሽሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ ሓመደ ሓምድ ምግባል ተሪፉ፡ እድሪስ ኣሕመድ ሓምድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃዋርሽኽዓብዱራሕማንዑቕባየርጊስ ምግባል ተሪፉ፡ ሕዋርሽኽ ዓብዱራሕማን ዑቕባየርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓመድኑር ሓምድ መሓመድ ምግባል ተሪፉ፡ መሓመድኑር ኣሕመድ መሓመድዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ፍስሃዮ ማዓሾ ስበሓቱ፡ ወኪል ቢንያም ማዓሾ ስበሓቱ፡ ተጸዋዒት ኣድያም መሰፍን ክፍሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ምሕረት ብርሃነ በርሀ፡ ኣቦይ ብርሃነ በርሀ ተወልደብርሃንን ውዳሰ ሃብተማርያም ገብረመስቀልን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ጺጋ ኣብርሃም ትኩእ፡ ብዓል ቤተይ ካሕሳይ ገብረስላሴ ተድላ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ብፍርዲ ብዓልቲ ዕዳ ወ/ሮ ኣልጋሽ ስዩም፡ ኣብ 1ይ ደረጃ ቤ/ፍ ደቀምሓረ ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ወ/ሮ ትርሓስ ኣስገዶም ወልደሚካኤል፡ ስም ኣደይ ቅድስቲ ሃይለ ደበሳይ ምግባል ተሪፉ፡ ውዳሰ ናይዝጊ ብርሃነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣልጋነሽ በረቀ ምሕረትኣብ፡ ብዓል ቤተይ ዓንደብርሃን የርሳሌም ኣዋጥር ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ዓብደራሓማን ሕመድ ዘይድ ምግባል ተሪፉ፡ ዓብደራሓማን ዘይድ የዕቦ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ትምኒት ገሪ ምግባል ተሪፉ፡ ትምኒት ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መም/ ርሻን ገብረትንሳኤ ዓንደሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ መም/ ገብረእዝግኣብሄር ወልዱ ወልደሚካኤል ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሬገን ኣብርሃ ገብረገርግስ ምግባል ተሪፉ፡ ሬገን ዑቕቢት ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃብተ ስልየ ደረጀ ምግባል ተሪፉ፡ ሃብተ ልኡል ደረጀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሳሲ መም/ ዳኒኤል ገብረእግዚኣብሄር ተኽሉ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ዳህላክ ቀላቲ ሃይሉ፡ ናይ ቀለብ ቆልዓ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣበባ ሰለሙን፡ ተጸዋዕቲ ወረ/ነ/ሄርት መገሻ ኣድሕኖም፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ገዛ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን7/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

በራኺ ዳዊት ጠዓመ ምግባል ተሪፉ፡ ብሩኽ ዳዊት ጠዓመ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።


ሓጋዚት መጽሓፍ

ንተመሃሮ 2ይ ደረጃ (ክፍልታት 9-12)

Comprehensive Mathematics

Grade 9-12

- Algebra
- Geometry

ኣብ ውሽጢ 544 ገጻት ንኣልጀብራን ጀኦሜትሪን ሰፊሕን ዓሚቕን ሽፋን እትህብ ዓባይን ብልጽትን መጽሓፍ!!

ትሕዝቶ መጽሓፍ

✓ መግለጺ ኣምራት ኣልጀብራን ጀኦሜትሪን
✓ ብናህ ኣብነታት
✓ ስእላዊ መረዳእታታት
✓ መሃርቲ ሰሌዳታት
✓ ዝተዓየዩ ሕቶታትን ግድላትን
✓ ዝተፈትሑ ማትሪክ-መሰል ግድላት
✓ መዘንቲ መላመዲታት
✓ መልሲ መላመዲታት

ኣብ ኣብያተ መሸጣ መጻሕፍቲ ትረኽብዋ።

ንዝያዳ ሓበሬታ

07142402 / 07461121

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ወ/ሮ ጉት ትኩእ በኺት፡ ብዓል ቤተይ ፍስሃየ ሃደለ ሰንጋል ስለዘተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቂ ደማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ32 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ሰሊና ዳግማይ ኣርኣያ ምግልል ተሪፉ፡ ደናይት ዳግማይ ዑቕባብርሃል ተባሂሉ ክእረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን07/07/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ዕ/እኽሊ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ከሳሲት ሉና ሰመረ ኣብርሃም፡ ተኸሳሲ ሚካኤል ማሰለኣብ ደበሳይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተማሲሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ትርሓስ ካሕሳይ ተኽሉ፡ ብዓል ቤተይ ካ/ነ/በርህ ተድላ ተመልሶ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቂ ደማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ዓዚዛ ሮመዳን ኢብራሂም፡ ተጸዋዒ ብዓል ቤተይ ዕቡዱ እድርስ ሙሳ፡ ደሃይ ካብ ዘጥፍእ 6 ዓመት ስለ ዝበረ፡ ቤት ፍርዲ ቅድሚ ውሳኔ ምሃብ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቦ ኣብርሃ ሓገስ፡ ብዓል ቤተይ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 13ለይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሳሞሶም ኣንገሶም፡ ኣደይ ወ/ሮ ኣብርሃጼን ገ/መድህን ስለዝዋረፈት፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ከምኡ'ውን ኣብ ኣስመራ ዝርከብ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰናይት ባሕረጊሲ ኣርኣያ፡ ተኸሳሲ ሓደሽ ደስታ ነጋሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን1/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ውዳሴ ኃይም፡ ብዓል ቤተይ ሰመረ ጠዓመ ምኖግ ስለዝተሰወአ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሓምድ ዑመር መሓመድ ምግልል ተሪፉ፡ ማሕሙድ ዑመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ጀሚላ ሙሳዓሊ መሓመድ ምግልል ተሪፉ፡ ጀሚላ ሙሳ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/7/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣብርሃም ጺጋይ ሓጎስ፡ ብሕጋዊ ወኪል ዳኒኤል ጺጋይ ሓጎስ ኣቦና፡ ኣቶ ጺጋይ ሓጎስ ዓለበኺትን ወ/ሮ ሉተየውሃንስ ባርያይ ዑቕባይን ብዘወት ከለዉ ኣብ ከተማ ከረን ምም/01 ጎደና መገዲ ኣቑርደት ዝርከብ ቁ/ምዝገባ ወረቐት 3006፡ መወከሲ ቁጽሪ 301179 ዝተመዝገበ ስፍሓት 300 ት/ሜ ብሀያብ ዝሃቡኒ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሰርገል ሰዩም ጉይትኦም፡ ተጸዋዒ ኣበል ጴጥሮስ ንጉሱ፡ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ሰበል ክርክር ቀሪቡልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ፡፡

ወ/ሮ ምልእተ ጉብረኣምላኽ ገሹ፡ ስም ኣደይ እሙና ገርማርያም ወልዱ ምግልል ተሪፉ፡ ትብለጽ ተወልደብርሃን መድህኔ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ኣብርሆት ሙሳ ከሉብ ምግልል ተሪፉ፡ ኣርሆት ሙሳ ከሉብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፋጥና መ/ድ ከረር ምግልል ተሪፉ፡ ፋጥና መ/ድ ፊረጅ ከረር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓሻ መ/ድ ከረር ምግልል ተሪፉ፡ ዓሻ መ/ድ ፊረጅ ከረር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዐሰማን መ/ድ ከረር ምግልል ተሪፉ፡ ዐሰማን መ/ድ ፊረጅ ከረር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከረር መ/ድ ከረር ምግልል ተሪፉ፡ ከረር መ/ድ ፊረጅ ከረር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መ/ድ ኣቡብከር መሕመድ ምግልል ተሪፉ፡ ኣቡብከር መ/ድ ዐሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳልሕ ዓሊ ኩርያይ ምግልል ተሪፉ፡ ሳልሕ ዓሊ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወ/ሮ ሰናይት ርእሶምን ብፍ/በ/ዕዳ ኣቶ ተስፋልደት መድሃኔን ብዘተፈጥረ ናይ ገንዘብ ክርክር፡ 1ይ ደ/ቤ/ፍርዲ ኣስመራ እዚ ኣብ ከተማ ኣስመራ ምምሕዳር ዕዳጋ ሓሙስ ኣብ ዞባ 6 ምም/02 ጎደና ኣዱሊስ ቁ/ገዛ 11 ዚፕ ኮድ 111-2 ቁ/ገዛ 11 ኣብ ፓርሰል d ቁ/ሎታ 35 ኣብ 245.75 ት/ሜ ዝተደኮነ ተራ ገዛ ኮይኑ ኣርባዕተ ቀንዲ ክፍልን ሽውዓተ ሓገዝቲ ክፍልን ዘጠቓለለ ገዛ ብሓራጅ ተሸይጡ መኽፈሊ ዕዳ ክኾውን ክብል ስለ ዝኣዘዘ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ገዛ ብክኢላ መጠሰ ዋጋ 164,946.68 (ሓደ ሚእትን ሱሳን ኣርባዕተን ሽሕን ትሸዓተ ሚእትን ኣርባዓን ሽዱሽተን 68%) ናቕፋ ተገሚቱ ስለዘሎ፡ ክወዳደር ዝደሊ፡ ካብ ዝቐረበ ግምት 1/4 ብስም ፈ/ፍርዲ CPO ብምስራሕ BOOK ሕሳቡ ሒዙ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡ ተወዳዳሪ፡ ቅድሚ ዕለት ጨረታ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ዘሎ ክበጽሖ ዝደሊ መጠን ብቁጽርን ብኣሃዝን ኣብ ፖስታ ዓሺጉ ኣብ ላ/ቤ/ ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/62 ዘሎ ሳንዱቕ ጨረታ የእቱ፡፡
ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ እንተዘይኣቕረቡ ጨረታ ደው ኣይብልን፡፡
ገዛ ዝርከበሉ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ሓሊፍካ ፊት ኤራተል እዩ፡፡

ዕለት ሓራጅ፡- 21/07/2026
ሰዓት ሓራጅ፡- 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ ላ/ቤ/ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27

### ሓራጅ

ኣብ መንጎ ብፍ/በ/መሰል ወረ/ኑፍ ለምለም ነጋሽ ደስታን ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ኑፍ ለምለም ነጋሽ ደስታን ብዘተፈጥረ ናይ ወርሻ ክርክር፡ እቲ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ እምባጋሊያኖ ጎደና 112-12 ዚፕ ኮድ 1A112 ኣብ 240 ት/ሜ ዝተደኮነ 5 ቀንዲ ክፍሊ 2 ሓገዝቲ ዝሓዘ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ተሸይጡ በዘጽሒቶም ክወስዱ ቤት ፍርዲ ስለ ዝኣዘዘ፡ እዚ ገዛ ብዘለዎ ኩነታት ብክኢላ መጠሰ ዋጋ ናይ ሓራጅ 128,931.20 ናቕፋ (ሚእትን ዕስራን ሸሞንተን ሽሕን ትሸዓተ ሚእትን ሰላሳን ሓደን 20/%) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብቲ ዝግበር ሓራጅ ጨረታ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ጨረታ ዘሎ 5 ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ኣብ ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዓለወ ሳንዱቕ ጨረታ፡ ተወዳዳሪ ክበጽሖ ዝደሊ መጠኑ ብቁጽርን ፊደልን ብጽሑር ጽሒፉ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ የእቱ፡፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ ደማ 1/4 ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ሒዙ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡


ዕለት ሓራጅ፡- 09/07/2026
ሰዓት ሓራጅ፡- 3፡00-4፡00 ድ/ቀትሪ
ቦታ ሓራጅ፡- ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ገበን መጋባእያ ቁ/27
ገዛ ክርኢ ዝደሊ፡ ኣብ ከበቢ እምባጋሊያኖ ዳ/ዓንሰባ ባር ኣስመላሽ ሓሊፍኩ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ክወስድ ዝደሊ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ ፍርዲ ቁ/64 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክውሰድ ይኽእል፡፡
ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡ መአገዲ እንተዘይኣቕረቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ፡፡



ሓደስቲ መጽሓፍቲ

NEW BOOKS

ንተማሃሮ 2ይ ደረጃ
(9ይ 10ይ 11ን 12ን ክፍሊ)

1. **Brush up** your Progress in High school (Natural Science Stream): *English, Maths, Physics, Chemistry, Biology, Agriculture.*
2. **Brush up** your Progress in High school (Social Science Stream): *English, Maths, Geography, History, Business & Economics.*




ነፍሰ ወከፍ መጽሓፍ፡
- ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ካብ 9ይ ክሳብ 12 ክፍሊ ዘጠቓለለት
- ብዝቐለለ መገዲ ዝቐረበ ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ
- ልዕሊ 1000 ዝተሰርሑ ኣብነታት
- ልዕሊ 3800 መላመዲ ሕቶታት ምስ መልስታቱ

ኣብ ኩለን ኣብያተ መጻሕፍቲ ተዘርጊሓትልኩም ኣላ፡፡
07151337/07282165

# መዘነዪ

ሃብተሚካኤል ዕቑባስላሴ

## ንኽትሕጎስ

• ሱሓቕ ኣዘውትር፦ ሱሓቕ፣ ንኸንኡብር ካብ ዘድልዩና ጠለብት ህይወት'ዩ። ሱሓቕ ንቑጠዐናን ጭንቀትናን ዘጠንን መድሃኒት እዩ። ሱሓቕ ጉዳእ ርእስና እንዘንጽሉ ጥበብ እዩ። ኣብ ህይወት ከኣ እወታዊ ተራ ኣለዎ።

• ኑቲ ክትገብሮ ዘይትኽእል ነገራት ምቕባል።

• ብዙሓ ከውድቑኻ ዘኽእሉ ሰባት ምሕሳብ ኣቋርጽ። ብዙሓኡም እንተ ደኣ ተጉዲኦካ፣ ይብድሉኻ ከም ዘለዉ ኮይኑ ክስምዓካ'ዩ።

• ኣብ ትፈትዎ መናፈሲ ቦታ ብምኻድ ትፈትዎ ዓይነት መዚቃ ምስማዕ።

• ክሱብ እቲ ትደልዮ ትረኽቦ ኣጸቢቕካ ገዮ። ኣብቲ ናይ መውዳእታ ቦታ ምስ በጻሕካ ደኣም ክስመዓካ'ዩ። እዚ ናብቲ ትደልዮ ከም ዝበጻሕካ ዝእምት'ዩ። ስለዚ ኣይተቋርጽ።

. ናብ እትፈትዎ ወይ እተፍቅሮ ሰብ ደውል። ድምጹ ብምስማዕ ባህታ ክፈጥረልካ'ዩ።

• ምስ ዘይተፈልጠ ሰብ ወይ ጋሻ ሕጉስ ብምዃን ፍሽኽታ ዝተሓወሶ ዕላል ኣዕልል። እዚ ንኽልተኹም ባህታ ዘፈጥር'ዩ።

• ናይ ናእዳ መልእኽቲ ናብ ኣዕሩኽትኻ ወይ ኣዝማድካ ምልኣኽ።

• ዘይትፈትዎም ነገራት ብዝርዝር ጽሒፍካ ቀደዶም ወይ ኣቃጽሎም።

• ትፈትዎ ዓይነት ፊልም ወይ ድራማ ተዓዘብ።

• ኣብ ኑብሸኻ እቲ ዝዓበየ ነቓፊ ወይ ተዓዛቢ ኣካል ንሸኻ ኢኻ። ኣጦካ ዘሎ ኣቦ ልዕለኻ ሰባት ክርኢዮ ስለ ዘይክእሉ፣ ኑበሸኻ ክትነቕፈካ ዕድል ሃቦ። እዚ ምስ



ትገብር ብቐጓዑ ክትህጽ ይከኣል።

• ሓጉስ ካብ ውሽጥኻ ከም ዝመጽእ ተረዲእካ ብዘብረቕርቕ ነገራት ክትሕጎስ ኣይትጸበ። ምኽንያቱ ኣብ ውሽጥኻ ነባሪ ሓጎስ ስለ ዝርከብ።

## ኣሉታዊ ሳዕቤናት ጻዕቂ ስራሕ

ጻዕቂ ስራሕ ዘስዕቦ ኣብ መዓልታዊ ህይወትና ዝተፈላለዩ ምልክታት ይርአዩ'ዮም። ቀንዲ ምልክታት ናይዚ ሕማም እዚ ረሳዕነትን ሕጽረት ትኩረትን ስለ ዝኾነ፣ ብዘይ ጥርጥር መብዛሕትና ብሕማም ጽሙድ ናብራ ዝተጠቓዕና ኢና። ምናልባት ደረጃኡ ጥራይ'ዩ ዝፈላለ'ምበር፣ ስምዒት ጽሙድ ስራሕ ዘይተመኮረ ሰብ ዳርጋ የለን። ብመሰረት ተመራመርቲ ናይ'ዚ ዓውዲ፣ "ረሰዕነት ሓደ ንብር ክፋል ናይ እርጋን እኳ እንተኾነ፣ ኣቐዲሙ ዝተገብረ መጽናዕቲ ከም ዘረጋግጾ ግን፣ ከም ሳዕቤን ጻዕቂ ስራሕ፣ ዋዒን ስራሕ ጉዝን ኣብ ንእሽ ዕድመ ዘለዉ ሰባትን እውን ክርአ ክኢሉ ኣሎ። እዚ ድማ ዝበዝሐ ግዜ ኣብቶም ሓንጎሎም ብጻዕቂ ሓበሬታ (information over load)



ዝተወጠረ ሰባት'ዩ ዚያዳ ጎሊሑ ዝረአ። ብፍላይ ኣብቶም ዝተፈላለየ ቻንላት ሚድያ ክከታተሉ ዘውዕሉ ሰባት ይገድድ።" ዝብል መግለጺ'ዩ ዝወሃቦ። ውድብ ጥዕና ዓለም ብመሰረት ዘውጸኦ ጸብጻብ፣ ኣብ ስራሕ ዓመታዊ ልዕሊ 7 ሚእቲ ሽሕ ሰባት ከም ዝሞቱ ይሕበር።

ሰእኑት ድቃስ፣ ኑቲ ኣብ ደምና ዝርከብ ጥሜት ኣካላትና ዝቈጻጸር 'ለፕቲን' ዝተባህለ ሆርሞን የጉድሎ፣ እዚ ድማ ኣካላትና ጸቡቕ ስምዒት ከም ዘይስምዖ ዝገብር እዩ። ብተወሳኺ እኹል ድቃስ ዘይምውሳድ፣ ንዓቕን ሽውሃትና ዝቈጻጸር ሆርሞን ኣብ ደምና ከም ዝውሰኽ ይገብር። በዚ ድማ፣ ካብ ድቃስና ኣብ ንትሰኣሉ እዋን ብርቱዕ ጥሜት ከም ዝስመዓና ይገብር። እዚ ኸኣ ውሑድ ሰዓታት ምድቃስ ኣዝዩ ብዙሕ ዓቐን መግቢ ከም ተህልኽ ዝገብር ብምዃኑ፣ ኣብ መዳይ ጥዕና ኣዝዩ ኣሉታዊ ጽልዋ የስዕብ። ብኡኡ መንገዲ ንምቕላዕ ሕማማት ጸቕጢ ደምን ሕማም ልብን ከም ዘዘይድ ክኢላታት የረድኡ።

## ጽልዋ ውሳነን ዋጋኡን

ውሳነ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ መንጎ ክልተ ኣማራጺታት ወይ ልዕሊኡ ኣብ እንኣትወሉ እንወስዶ እዩ። ወትሩ፣ ኣብ ህይወት ዘጋጥሙና እተፈላለዩ ምርጫታት ኣለው። እዞም ምርጫታት ከኣ ግድን ክንወስዶም ዘሎና ከምኡ'ውን ኣንፈት ህይወትና ዘማእዝኑ እዮም። ብኸመይ ቅኑዕ ውሳነ ንወስድ'ዩ ዝዓበየ ሕቶ። በቲ ተራ ዝኸውን ናይ መዓልታዊ ህይወትና ናብራ'ውን ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ካብቲ ዝንኣሰ'ሞ ክንጅምር፣ ናብቲ ዝዓበየ ከኣ ክንበጽሕ ንኽእል ኢና። ውሳነ ዝኸውን ሰብ'ዩ ዝወስድ። መብዛሕትና ነቶም ኣዝዮም ዓበይቲ ናይ ህይወትና ዛዕባታት ጥራይ ውሳነ እንወስደሎም ኮይኑ'ዩ ዝርኣየና። ብዙሓ ስራሕ፣ ትምህርቲ፣ መጻምድቲ፣ ውላድን ካልእን ዝኣመሰሉ ጉዳያት ጥራይ እንወስን ዝመስሎም ሰባት ኣለዉ። ብርግጽ፣ እዚኦም ኣገደስቲ ረቛሒታት ህይወት ምዃኖም ዝከሓድ ሓቂ ኣይኮነን። እዞም ረቛሒታት ንገለኡ ሰብ ዓቢ ንገለኡ ከኣ ንኣሽቱ እዮም ክንብሎም ኣይንኽእልን ኢና። ምኽንያቱ እንኹብረሉ ባህሊ'ውን ቅኑዕ ደዩ ኣይኮነን ብዝዮገደስ ኣብ ልዕሊኡ ዝተወሰነ ኣመለኻኽታ ከም ዝህልወና ገይሩ'ዩ። እንተኾነ፣ ኩሎም ዓበይቲ ዝበሃሉ ካብ ንኣሽቱ እተፈጥሩ'ዮም። ኩሎም ዝርአዩ ከኣ ካብ ዘይርአዩ ዝመጽኡ'ዮም። እቶም ኩሎም ዓበይቲ ዝተባህሉ፣ ካብቲ ኣብ ተራ ዕለታዊ ህይወትና ዝርከብ ፍጻመታት ዝኸቐሉን ዝተማስረቱን እዮም። ስለዚ መብዛሕትኦም ኣብ ህይወትና ዝርከቡ ረቛሒታት፣ ካብቶም ብዙሕ





ኣደንቦ ዘይንገብረሎም ደቓቕቲ'ውን እንበሎም ብዘይ ንቕሓት እንወስዶም ውሳኔታት ዝኸቐሉ'ዮም። እቶም ዘይነስተብሃሎም ውሳኔታትና'ውን ብዙሕ ግምት ዘይንህቦም ውሳኔታት እዮም ንህይወትና ዝገንጹዋ። ብሓፈሻ ኣተኩሮና ኣብቶም ዓበይቲ ነገራት እንተ ኾይኑ ኢና ዓበይቲ እንኽውን። ኣብ ንኣሽቱን ደቓቕትን 'ቀንጠ መንጠ' እንተኣቲኻ ህይወትካ'ውን ብኡኡ'ያ ትምላእ። ንሸኻ'ውን ማዕረ እቶም ደቓቕቲ ኢኻ ትደቅቕ። ብዓበኡ ኑቶም ዝርአዩ ኑቶም ዓበይቲ ኢኻ ዚያዳ ክትርድኦም እትኽእል። ዕብየት ኣብ ሓሳብት ኣጠማምታ እተማስረተ'ዩ። ውሳነ ምርጫ'ዩ፤ ካብ ዘሎ ትመርጽ፣ በቲ እትመርጾ ድማ ህይወትካ ትሃንጽ። ውሳነ ምርጫ'ዩ - ኣብ ገለ እዋን ድማ ግዴታ'ዩ። - ዋላ'ውን እቲ ግዴታ ካብቲ ዘሎ ክትመርጽ ከም ዘለካ'ዩ ዝገብር። ውሳኔታት - ንኽንሕጎስ ወይ ቃንዛ ንኽንጥፍእ እንወስዶም እዮም።

ኣብ ዓወት ንምብጻሕ ፈተነን ውድቀትን ከም ዘሎ ፍሉጥ'ዩ። ስለዚ ንኽዕረዩ ዘጸግሙ ውድቀታት ወይ ውሳኔታት ዘይምውሳድ ዝሓሸ ኣማራጺ'ዩ። ኣብ ህይወት ዓቢ ተራ ዝጻወት ውሳነ ንምውሳድ፣ ግቡእ ርድኢትን መጽናዕትን የድልዮ። መጻኢ ናብራ ኣብ ቅኑዕ ርድኢት ዝተመርኮሰ ውሳነ እዩ ዝምርኮሰ። ምስ ግዜን መድረኽን ምትዕጽጻፍ ጥበብ'ዩ። ክልተ ሰለስተ ግዜ ኣብ ሓደ ዓይነት ንጥፈት ምስ ሰራሕካ ለውጢ ምስ ዘይ ትረኽብ፣ እቲ ጸገም ብጥበእ ኣለሊኻ መፍትሒ ምንዳይ ወይ ካልእ ኣማራጺታት ክትወስድ ኢኻ እትግደድ።

## ጥቕስታት መዛነዪ

• "ካብ ታሪኽ ናይ ሕሉፍ ሕልሚ መጻኢ'ዩ ዚያዳ ዝፍትወኒ።" - **ፓትሪክ ሀንሪ**

• "ካብይ ከም ዝተበገሰ ዘይፈልጥ ናበይ ይኸይድ ከም ዘሎ'ውን ክፈልጥ ኣይክእልን።" - **ጆን በክለይ**

• "ኣብ ህይወት ዘፍርሑኻ ነገራት እንተለዉ ክትርድኦም ጥራይ ፈትን። ዚያዳ ብዝተረደኣካዮም ድማ ዚያዳ ፍርሃኻ ክጉድል ይኽእል'ዩ።" - **ማሪ ኩሪ**

• "ኩሉ ሰብ ይጋገ እዩ። ለባም ሰብ ጥራይ'ዩ ግን ካብ ጌጋኡ ተማሂሩ ዝእረም።" - **ዊንስተር ቸርችል**

• "ኣብ ፈለማ ፈተነ እንተ ዘይተዓዊትካ፣ ንኻልኣይ ፈተነ ኣብ መንገዲ ዓወት ከም ዘለኻ ስለ ዘመልክት ተስፋ ኣይትቑረጽ።" - **ኤም ኤች ኣልደርሰን**

• "ብድሆ፣ ንኑብሸኻን ንኻልኦትን ዓቕምኻ እንታይ ምዃኑ እተርእየሉ ዕድል እዩ።" - **ብሮውን**

• "ብለጽኑት ብተግባር'ዩ ዝረጋገጽ" - **ናፖልዮን ሂል**

## ቅሉን ንኽትከውን

ዘይርጉእነት፣ ንህይወት ቀሳኒት ዝኸልእ እዩ። ሾግር ድቃስ፣ ምሉእ ኣደነቦ ወይ ኣቓልቦ ዘይምህላው፣ ሓራቕ ምዃንን ክትቁጣ ዘይምኽኣልን ገለ ካብቶም ምልክታት ስምዒት ሻቕሎት እዮም። ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ንኑብሸኻ ብዙሓ እወታዊ ጉድንታትካ ምዝኽኻር ኣገዳሲ እዩ። ንኣብኑት ምስ ዓርክ መሓዛ ዘለካ ጽቡቕ ዝምድና፣ ኣብ ስራሕካ ዘማዕበልካዮም ዕዮታት፣ ዝሰራሕካዮም ዕዮታት፣ ኣብ ቤተ ሰብካ ዘለካ ተፈታውነት፣ ብውልቅኻ ዝጨበጥካዮም ዓበይቲ ዓወታት ... ንኑብሸኻ ግለጸሉ። ኣብ ድኽመታትካ ኣብ ክንዲ ምድሃብ፣ ኣብ እትውንኖም እወታዊ ባህርያትካ ኣተኩር። እዚ ማለት ግን፣ ድኽመታትካ ፈጺምካ ረሲዕ ማለት ኣይኮነን። ስጉምትኻ ምስ እወታዊ ርድኢት ዘለዎም ትስፉዋት ሰባት ግበር። እቶም እትመርጾም ኣዕሩኽትኻ፣ ንዕብየትካ ዘተባብዑ ክኾኑ ይምረጹ። ናብ መንገዲ ጸጋም ዝኸዱን ንሓሳብትካ ዘእእሱን ኣዕሩኽ ኣውግድ። ብተወሳኺ ከዐውተካ ዝኽእል ስራሕ ምረጽ፣ ዝተፈላለዩ ሞያታትን ሜላታትን ክተማዕብል ጸዓር። ኣብ ዝኾነ ማሕበራዊ ንጥፈታት ክትሳተፍ ፈትን። እዚ፣ ብዙሓት ሰባት ክትፈልጥን ብዙሕ ሜላታት ክተማዕብልን ክሕግዘካ'ዩ። ካሮካ ብዕድመ ዕብዩ ምስ ዝበለጹን ብሓሳብ ክሕግዙኻ ምስ ዝኽእሉን ሰባት ምሕዛኑ ፍጠር። እትገብሮ ሓገዝ ከኣ፣ ሕልናዊ ዕግበት እትረኽበሉ ክኸውን ይግባእ። ብዘይካ'ዚ፦

• ቀዳሚ ዝኣገረ ህዱእ መንፈስን ካብ ጣዕሳን ጭንቀትን ናጻ ዝኾነ ሕልናን ክትሃንጽ ዝለዓለ ድሌት ሒዝካ ተበገስ።

• ካብ ፍርሕን ኑበሰ ምትሓትን ዝቕለ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ ናጻ ምዃን።

• ካብ ዝኾነ ዓይነት ኣሉታዊ ስምዒትን ድሌትን ናጻ ምዃን።

• ካብ ባዕልኻ ትፈጥሮ ስጋውን መንፈሳውን ጎድኢ ከምኡ'ውን ንምዕባለኻ ዝደርት ሰገምታት ናጻ ምዃን።

• ካብ ዝተለምደ ድኽመት ደቂሰብ ንገለ ነገር ብዘይ ገለ ዓቕሚ ካብ ምቁማት ናጻ ምዃን።

• ምውናን ሓጎስ ካብ ስራሕን ካብ ፍረ ጻማኻን።



• ንሕሉፍ ጌጋታትካ ምርሳዕ።

• ምስ ከባቢኻ መሳርሕትኻ ዝህልወካ ዝምድና ርጉእን ጥዑይን ስድራቤታዊ ዝምድና ምምስራት።

• እንታይ ክትሰርሕ ከም ዘለካ ምሕሳብ ደኣ እምበር ብዛዕባ ዝመጽእ ሓሲብካ ዘይምህዋታት።

• ዘይተጸበኻዮ ተርእዮ ኣብ ዝኽሰተሉ እዋን ስሒቕካ ምሕላፍ።

## መልሲ ዝተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| ዕ | ል | ዋ | ■ | ሰ | ብ | ኣ | ይ | ■ | ኣ | መ | ል |
| ማ | ■ | ል | ሕ | ቲ | ት | ■ | መ | ል | ሓ | ስ | ■ |
| ም | ሕ | ታ | ት | ■ | ብ | ር | ስ | ን | ■ | ተ | ራ |
| ■ | ል | ■ | መ | ር | ዓ | ■ | ል | ቃ | ብ | ■ | ህ |
| መ | በ | ለ | ት | ■ | ት | ቦ | ■ | ጦ | ፍ | ■ | ዲ |
| ■ | ት | ም | ■ | ዕ | ■ | ጅ | ለ | ■ | ላ | ም | ■ |
| ማ | ■ | ለ | ሚ | ን | ■ | ቦ | ■ | ■ | ይ | ቕ | ረ |
| ሰ | ላ | ም | ■ | ጅ | ን | ጅ | ብ | ል | ■ | ዛ | ባ |
| ■ | ም | ■ | ጓ | ል | ■ | ■ | ■ | ፍ | ሕ | ፍ | ሕ |
| ስ | ■ | ■ | ሓ | ና | ት | ■ | ■ | ን | ሳ | ■ | ታ |
| መ | ን | ገ | ፍ | ■ | ኺ | ና | ■ | ቲ | ባ | ■ | ■ |
| ር | ■ | ዛ | ■ | መ | ን | ብ | ዒ | ■ | ዊ | ን | ታ |

መም ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሊግ ዞባ ማእከል - ኣዱሊስን ኣልታሕሪር ዓወት ኣመዝጊበን

ሰንበት ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብክልተ ጸወታ ኣብ ዝቐጸለ ሊግ ዞባ ማእከል ደቂ ተባዕትዮ፥ ኣዱሊስን ኣልታሕሪርን ንመጋጥምትን ሰዒረን።

ኣልታሕሪር፡ ኣብ መበል 13 ጸወታኣ ንግደ ተመናይ ገጢማታ። ኣብ ካልኣይ ዙርያ ኣዚያ ተመሓይሻ ዘላ ኣልታሕሪር፡ ካብ ኣርባዕተ ግጥማት ሰለስተ ዓወት ሓንቲ ማዕረ ብምውጻኣ ደረጃኣ ካብ ሻሙናይ ናብ ራብዓይ ክብ ኣቢላቶ ትርከብ።

ኣብዚ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ጸወታኣ'ውን ንግደ ተመናይ ኣይመሓረታን። ኣብ ታሽዓይ ደቒቕ ካብ ሄርሞን ጉብረገርግሽ ብዘመዝገበታ ሸቶ ናብ ዕረፍቲ መራሒ ድሕሪ ምውጻኣ፡ ካልኣይ እብረ ሓንቲ ደቒቕ ጥራይ ምስ ተላዕለ ከኣ ብርካ ተኽለሚካኤል ካልኣይቲ ሸቶ ኣመዝገበ። ሄርሞን ጉብረገርግሽ ንሱ ካልኣይቲ ንጋንታኡ ሳልሳይቲ ሸቶ ኣመዝገበ። ኣዚያ ዓብላሊት ኮይና ዝወዓለት ኣልታሕሪር፡ ኣብ መበል 72ን 90ን ደቒቕ ካብ ኣክረም ኣደምን ኣቤል ክፍለን ሸቶታት ወሲኻ ብጠፈሕ 5-0 ተዓዊታ። እዛ ጋንታ፡ ነጥባ ናብ 20 ክብ ኣቢላ ራብዓይ ደረጃኣ ኣውሒሳ ኣላ። ሄርሞን ናይቲ ግጥም ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምዩ።


ተጻዋታይ ኣዱሊስ - ሳምሶም ተኽስተ

ግጥም ኣዱሊስን ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥራትን ሰዒቡ ተኻዪዱ። ኣዱሊስ ንጸወታ ናብ ረብሓኣ ንምቕያር ግዜ ኣይወሰደላን። ኣብ ዓሰራይ ደቒቕ ብመገዲ ቢንያም ግርማይ፡ ኣብ መበል 13ን 17ን ደቓይቕ ከኣ ሳምሶም ተኽስተ ብዘመዝገበን ሸቶታት ናብ ዕረፍቲ 3-0 መራሒ ወጺኣ።

ዘራእቲን ጥራትን ኣብ ተወሳኺ ግዜ ናይ ካልኣይ እብረ ብመገዲ ኣሮን ዐስማን ሸቶ ኣመዝገበ፡ ግዜ ብምእካሉ ከኣ ኣዱሊስ 3-1 ተዓዊታ። ኣዱሊስ ብሓንቲ ዝያዳ ጸወታ ብ26 ነጥቢ ምስ ቀይሕ ባሕርን ደንደንን ተመዓራርያ ኣላ። ሳምሶም ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተጸዊዑ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፍርቂ ፍጻመ ጸወታታት ዋንጫ ሰማእታት ካልኣይ ዲቪዥን ደቂ ተባዕትዮ ከምኡ'ውን ደቂ ኣንስትዮ ተኻይዱ።

ኣብ ደቂ ኣንስትዮ፡ ምምሕዳር ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ታለንት ዞባ ማእከልን ተራኺበን። ምምሕዳር ሰምባል ከኣ 4-0 ተዓዊታ ናብ ፍጻመ ሓሊፋ። ጉዳይፍን ዕዳጋ ሓሙስን ኣብ ምድብ 90 ደቒቕ 2-2 ድሕሪ ምፍልላየን፡ ናብ ፍጻመ ቅላዕ ኣምሪሐን። ዕዳጋ ሓሙስ ድማ 2-0 ሰዒራ ናብ ናይ ዋንጫ ጸወታ ሰጊራ።

ኣብ ካምፕ ቺቸሮ ኣብ ዝተኻየደ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጸወታታት፡ ደንደን 'ቢ' ንኣልታሕሪር 'ቢ' ብጠፈሕ 4-0 ብምርታዑ ናብ ፍጻመ ሓሊፉ።

ምምሕዳር ኣኽርያን ታለንት ዞባ ማእከልን ኣብ ዘየደዓ ጸወታ ድማ ኣኽርያ ኣብ መበል 71 ደቒቕ ብመገዲ ሮቤል የማነ ብዘረኸበታ ሸቶ 1-0 ተዓዊታ ናብ ናይ ዋንጫ ጸወታ ምስጋሩ፥ ህዝባዊ ርክባት ናይቲ ፌደረሽን ሓቢሩ።


ተጻዋታይ ኣልታሕሪር - ሄርሞን ጉብረገርግሽ

## ቅድድም ብሽክለታ ዋንጫ ሰማእታት ተዛዚሙ

ቅድድም ብሽክለታ 'ዋንጫ ሰማእታት' ዞባ ማእከል፡ ሰንበት 14 ሰነ ኣብ ከባቢ ኢንሹራንስ ተዛዚሙ።

እዚ ውድድር ንኽልተ መድረኽ ዝቐጸለ ውድድር ኮይኑ፡ ኣብዚ ካልኣይ መድረኽ፡ ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ 98.1 ኪሎሜተር ሸፊነን። ተቐዳደሚት ደንደን - ኣድያም ዳዊት ከኣ ኣብ ሰዓት ብማእከላይ 38 ኪሎሜተር እናረገጸት፡ ብ2 ሰዓት፡ 35 ደቒቕን 7 ካልኢትን ቀዳመይቲ ኣትያ።





ኣብቲ ጋንታ ደቡብ ሚዘን ሃብተሰላሰ ብተመሳሳሊ ግዜ ካልኣይቲ ክትኣቱ እንከላ፡ ጓል ጋንታኣ ናርዶስ ጴጥሮስ ከኣ ኣርባዕተ ካልኢታት ድሒራ ንዘመጸት ጉጅለ ሰዒራ ሳልሰይቲ ኣትያ። ብርኽቲ ፍስሃየ - ዓራግ፡ ሮዚና ብርሃነ ሮምና ጉዕሽን ካብ ደንደን ከኣ ክሳብ ሻድሻይ ዝለ ደረጃ ሓዚናኡ።

በዚ ወጽኢት፡ ብወሃሊል ግዜ ዕዉታት ኣብ ማእከላይ ዕድመ (ጁንየር) ሮዚና - ደንደን፡ ኣርሴማ ዓንደጌዝን ራሄል ዑቕባይን ካብ ዓራግ፡ ኣብ ዓበይቲ ድማ ሱዛና ፍስሃየን ሚዘን ሃብተሰላሰን ጋንታ ደቡብ፡ ከምኡ'ውን ኣድያም ዳዊት ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ብምውጻእ ተሸሊመን።

ጋንታ ደቡብ ከኣ ብ15 ሰዓት፡ 11 ደቒቕን 23 ካልኢትን ዕወትቲ ዋንጫ ሰማእታት 2026 ኮይና።

ዓበይቲን ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ተባዕትዮ ተቐዳደምቲ፡ 147 ኪሎሜተር ተሰሪዑሎም። ተቐዳዳማይ ምምሕዳር ጋዝ ጥንዳ ኢሰርም ተሰፋይ ከኣ ኣብ ሰዓት ብማእከላይ 45.1 ኪሎሜተር እናተጓዕዘ ብ3 ሰዓት፡ 15 ደቒቕን 56 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ።

ኤፍሬም ዘርኡጋብር - ደንደን፡ ናኦድ በረኸት - ሰምባል፡ ዳኒኤል መሓሪ - ብውልቁ፡ ሚካኤል ዳኒኤል - ደንደን ከምኡ'ውን ሮቤል ሃብተማርያም - ደቡብ ካብ ካልኣይ ክሳብ ዓሰራይ ኣትዮም።

ኤፍሬም ዘርኡጋብር፡ ሚካኤል ዳኒኤልን ኣቤል ካሕሳይን ብወሃሊል ግዜ ተዓዊቶም።

ኣብ ናይ ጋንታ ቅልስ ድማ ደንደን ብ18 ሰዓት፡ 47 ደቒቕን 27 ካልኢትን ዕወትቲ ናይዚ ውድድር ኮይና።

ብዘይካዚ፡ ኮቴት (ዩዘ) ተቐዳደምቲ 52.3 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑሉ፥ ብውልቂ ዝተወዳደረ መሓሪ ሃብተም ብ1 ሰዓት፡ 9 ደቒቕን 58 ካልኢትን ብምእታው ተዓዊቱ።

ንሱ ሰዒቡም ከኣ ናታን ሳሚኤልን እሰይ ተስፋዝጊን - ደንደን፡ ሳምሶን ክፍላይን እሰይ ወልደገሪኤልን - ትጽበት፡ ሰም ዳኒኤል - ሳሊና ክሳብ ሻድሻይ ዝለ ደረጃታት ተማቒሎሞ።

19 ነጥቢ ዝኣከበ እሰይ ተስፋዝጊ ብወሃሊል ነጥቢ ቀዳማይ ኮይኑ ክዘዝም እንከሎ፡ ሳምሶን ክፍላይ ብ13 ነጥቢ፡ መሓሪ ሃብተም 11 ነጥቢ ብምእካብ ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሒዞም።

ደንደን ከኣ ብ32 ነጥቢ ዕወትቲ ዋንጫ ሰማእታት ኮይና።

114.4 ኪሎሜተር ኣብ ዝተሰርዓሎም ማእከሎት (ጁንየር) ተቐዳደምቲ፡ ናታን ሃብተኣብ ካብ ኤሪትል እዩ ብማእከላይ ኣብ ሰዓት 44 ኪሎሜተር እናተጓዕዘ፡ ብ2 ሰዓት፡ 33 ደቒቕን 31 ካልኢትን ቀዳማይ ኣትዩ።

ካብ ካልኣይ ክሳብ ሻድሻይ ዝለ ደረጃ ከኣ የናታን ቴድሮስ፡ ዩኤል ሚካኤልን እሰይ ኪዳንን ካብ ደንደን፡ ናኤብ መሴ ብውልቂ ከምኡ'ውን ንፍታሌም ቅዱስ ካብ ደንደን ተማቒሎሞ።

የናታን ቴድሮስ መሓሪ ኣኽለሉን ዩኤል ሚካኤልን ብናይ ክልተኡ መድረኻት ወሃሊል ግዜ ተመራሪሖም ክዕወቱ እንከለው፥ ክለብ ደንደን ብ14 ሰዓት፡ 15 ደቒቕን 36 ካልኢትን ዕወትቲ ናይዚ ውድድር ኮይና። እዛ ጋንታ፡ ኣብ ሰለስተ ምድባት ብምዕዋታ ልዕሊ ኩለን ጋንታታት ጸብለል ኢላ።

ንዕዉታት ተቐዳደምቲን ጋንታታትን ዝተዋህበ መዳልያን ዋንጫን ሽልማት ድማ፡ ኣብ ሃገረ ኣመሪካ ዝቕመጥ ጉዳም ተቐዳዳማይ ሃብተም መንግስቱ ዘወፈዮ ምንባሩ ተሓቢሩ።

## ሙኒክ፡ ንሳይባሪ ንምፍራም ተረዳዲኣ




ጀርመናዊት ክለብ ባየር ሙኒክ፡ ንሞሮካዊ ተጻዋታይ እስማኢል ሳይባሪ ንምፍራም ምስ ክለቡ ፒኤስቪ ተሰማሚዓ - ብመሰረት ጋዜጣ ጎል።

ሳይባሪ፡ ዝሓለፈ ወቕቲ ብዘርኣዮ መሳጢ ቁመና፡ ኣብ ጠመተ ዓበይቲ ክለባት ኤውሮጳ ክኣቱ ክኢሉ። ኣብዚ ንሃገሩ ወኪሉ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝጻወተሉ ዘሎ እዋን'ውን፡ ምስ ብራዚል 1-1 ኣብ ዝተፈላለዩሉ ቀዳማይ ናይ ምድብ ጸወታኦም፡ ብልዕሊ ሓላዊ ልዳት ኣሊሶን ቤከር ከዕሶ ኣሕሊፉ (ቺፕ ገይሩ) ብልጽቲ ሸቶ ምምዝጋቡ ይፍለጥ።

እዚ ወዲ 25 ዓመት እናከፋፋሊ ዘጥቅዕ ተጻዋታይ ንምውናን ዝያዳ ክትሰርሕ ዝጸንሐት ባየር ሙኒክ እያ። እዛ ጋንታ፡ ንዝሓለፉ ክልተ ሰሙናት ምስ ክለቡ ክትዘራረብ ጸኒሓ። ኣብዚ እዋን ኣብ ስምምዕ በጺሓ ከኣ ብ55 ሚልዮን ዩሮ ኣባላ ክትጉብሮ በቒዓ ኣላ።

ሳይባሪ ሕክምናዊ መርመራ ኣብ ኣመሪካ ከካይድ እዩ።

## ካብ ዋንጫ ዓለም 2026



ሃገራዊት ጋንታ ጃፓን ኣብቲ ሰንበት ምሸት ምስ ሃገራዊት ጋንታ ሆላንድ 2-2 ዝተፈላለየትሉ ናይ ምድብ ጸወታ፡ ዓለማዊኣ ሃጂመ ሞሪያሱ ኣብ ዓይኒ ካሜራ ዝኣተወ ተግባር ፈጺሙ።

እዚ ጃፓናዊ ንተጻወትቱ መልእኽቱ ኣብ ዘሕልፈሉ ዝበረ እዋን፡ ኣብ ዓቢ ታቤላ ቁጽሪታት እናጸሓፈ ብቦርድ ከሕልፈሎም ተራእዩ። እዚ ኣገባብ ድማ መምርሒኡ ካብ መጋጥምቱ ንምኽዋልን ንተጻወትቱ ብቐልጡፍ ንምንጋርን ዝዓለመ እዩ።

ጃፓን ኣብቲ ምሸት ክልተ ግዜ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ እያ ማዕረ ወጺኣ። ብፍላይ ኣብ መበል 89 ደቒቕ ካሚዳ ዘመዝገባ ካልኣይቲ ሸቶ፡ ሕቶ ሆላንዳውያን ዝበተነት ነይራ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሊግ ዞባ ማእከል**

ደንደን - ኩብንያ ህንጻ ሰገን 2:00 ድ.ቀ

ቀይሕ ባሕሪ - ኩብንያ ሰምባል 4:00 ድ.ቀ

**ናይ ምድብ ጸወታታት ዋንጫ ዓለም 2026**

ፈረንሳ - ሴኔጋል 10:00 ድ.ቀ

**ረቡዕ**

ዒራቕ - ኖርወይ 1:00 ቅ.ቀ (ወጋሕታ)

ኣርጀንቲና - ኣልጀሪያ 4:00 ቅ.ቀ

ኦስትሪያ - ዮርዳኖስ 7:00 ቅ.ቀ

ፖርቱጋል - ድ.ሪ.ኮንጎ 8:00 ድ.ቀ

እንግሊዝ - ክሮኤሽያ 11:00 ድ.ቀ

## ኤሲ ሚላንን ኣሞሪምን ተሰማሚዖም

ኣሰልጣኒ ከተናዲ ዝቖየት ኢጣልያዊት ክለብ ኤሲ ሚላን፡ ምስ ሩበን ኣሞሪም ምስምማዕ ተሓቢሩ።

ኣሞሪም፡ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ካብ መዘውር ምዕላም ማን ዩናይትድ ድሕሪ ምብራሩ፡ ብዘይስራሕ እዩ ጸኒሑ።

ኤሲ ሚላን ከኣ፡ ድሕሪቲ ኣብ ሰሪኣ ኢጣልያ ሓምሻይቲ ምዝዛማ ዝመጽእ ወቕቲ ካብ ቻምፕዮንስ ሊግ ምብኳራ፥ ንዓለሚኣ ዝበረ ማሲሚላኖ ኣሌግሪ ኣባሪራቶ እያ። ቦታኡ ዝትክእ ዓለሚ ከተናዲ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ንወዲ 41 ዓመት ኣሞሪም ክትቆጽሮ ተሰማሚዓ።

እዚ ፖርቱጋላዊ፡ ክሳብ 2028 ኣብ ሜዳ ሳንሲሮ ዘጽንሖ ውዕል ክፍርም ተሰማሚዑ ኣሎ፣ ክሳብ 2029 ክናዋሕ'ውን ኣማራጺ ኣሎ። ዓመታዊ ድማ 3.5 ሚልዮን ዩሮ ክኽፈል እዩ። ነዛ ጋንታ ዋንጫ እንተኣዕቲሩዋን ናብቲ ንኽልተ ተኸታታሊ ወቕቲታት ካብ ምስታፍ ዝጠፈኣትሉ ቻምፕዮንስ ሊግ ኣውሮጳ ምስ ዝመልሳን ከኣ መቘሽሽ ክምዝለዎ ይሕበር።

# ዜና ዓለም

ምርያም ኣብርሃም

## ኣመሪካን ኢራንን፡ ኣብ ስምምዕ በጺሐን

ኣመሪካን ኢራንን፡ ንኣዋርሕ ኣብ መንጎአን ዝቐጸለ ኲናት ብቐዋምነት ደው ንምባልን መጻብቦ ሆርሙዝ ዳግማይ ንምኽፋትን ኣብ ዘኽእል ስምምዕ ምቕራጽ ተኸቲሲ ከም ዝበጽሓ ኣፍሊጠን።

ስነ ስርዓት ምኽታም ናይ'ቲ ስምምዕ ዝመጽእ ዓርቢ ኣብ ስዊዝርላንድ ክካየድ መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ'ውን ተገሊጹ።


ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዘርገሖ ሓበሬታ፡ ምስ ኢራን ክካየድ ዝጸንሐ ዘተ ሰላም ብዓወት ከም እተዛዘመ፡ ኣብ ልዕሊ ናብ ወደባት ኢራን ዝንቀሳቐሳ ንግዳውያን መራኽብ ኣጽኒዑዎ ዝጸንሐ እገዳ ከኣ ብቐጽበት ከም ዝለዓልን ሓቢሩ።

እቲ ስምምዕ ድሕሪ ምኽታሙ፡ መጻብቦ ሆርሙዝ ንኹለን ንግዳውያን መራኽብ ብዘይ ክፍሊት ክፉት ከም ዝኸውን ድማ፡ ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ ኣዘኻኺሩ።

ምኽትል ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ካዘም ጋሪባባዲ ብወገኑ፡ ንሊባኖስ ሓዊሱ ኣብ ኩሉ ግንባራት ክካየድ ዝጸንሐ ግጭታት ደው ክብል ምኻኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ናይ መወዳእታ ስምምዕ ንምብጻሕ፡ ክልቲአን ሃገራት ን60 መዓልታት ዝቕጽል ሓድሽ ምዕራፍ ዘርርብ ከም ዝጀምራ ኣመልኪቱ።

ሓያሎ መራሕቲ ሃገራት ዓለም ከኣ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ብሓጎስ ብምቕባል፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ሰላምን ርግኣትን ኣብ ምርግጋጽ ዓቢ ተራ ከም ዝህልዎ ኣሚኖም።

ምስ'ዚ ስምምዕ ብዝተኣሳሰር፡ ዋጋ ነዳዲ ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ብ14 ሚእታዊት ብምንካዩ፡ ንበርሚል ካብ 80 ክሳብ 84 ዶላር ከም ዝበጽሐ፡ እዚ ዋጋ'ዚ ድማ ግጭት ኢራን ኣብ ዝሓለፈ ለካቲት ካብ ዝጀምር ንደሓር እቲ ዝተሓተ ኮይኑ ተመዝጊቡ ምህላዉ፡ ጸብጻባት ኣረዲኣም።



## ብሪጣንያ፡ ትሕቲ ዕድመ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከይጥቀሙ ትእግድ

ትማሊ ሰኑይ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ብሪጣንያ ኬር ስታመር፡ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ ማሕበራዊ መራኸቢታት ንኸይጥቀሙ ዝኽልክል ሕጊ ከጽድቕ ምኻኑ ኣፍሊጡ።

ብዘተወሳኺ፡ ትሕቲ ዕድመ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ መጻወቲ (Game)ን ናይ ቀጥታዊ ፈነወን መድረኻት ዘለዎም ተጠቃምነት እውን ክድረት ከም ዝኾነ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብቲ ንጋዜጠኛታት ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

ኬር ስታመር፡ እቲ ኣብ መጀመርያ ኣዋርሕ ናይ ዝመጽእ ዓመት ተግባራዊ ክኸውን ተወሲኑ ዘሎ ሕጊ፡ ንትሕቲ ዕድመ ወርቃዊ ቈልዕነቶም ክመልስሎም ምኻኑ ኣረዲኡ።

እቲ ሓዲሽ ሕጊ፡ ትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ፡ ከም ኢንስታግራም፡ ፈይስቡክ፡ ዩቱብ፡ ቲክቶክን ስናፕቻትን፡ ከምኡ'ውን ምስ ዘይፈልጥዎም ሰባት ንኽዘራረቡ ዘኽእሉ ናይ ጸወታታት መድረኻት ንኸይጥቀሙ ዝኽልክል እዩ።

እንተኾነ እቲ ሓዲሽ ሕጊ፡ ነተን መልእኽትታት ኣብ ምልውዋጥ ዝጥቕማ ከም 'ዋትስኣፕ'ን 'ሲግናል'ን ዝኣመሰላ መድረኻት ዝምልከት ከም ዘይኮነ ተሓቢሩ ኣሎ።

ኣቐዲማ፡ ኣውስትራልያ ተጠቃምነት ማሕበራዊ መራኸቢታት ንትሕቲ 16 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ ምኽልካል ዝዘከር ኮይኑ፡ ብመሰረት እታ ሃገር ዘውጸኦቶ ሕጊ፡ ትካላት ማሕበራዊ መራኸቢታት ድሕሪ ሓደ ወርሒ፡ ሕሳባት ናይ ከባቢ 5 ሚልዮን ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ተጠቀምቲ ምድምሰሶን ይግለጽ።

ስጳኛን ፈረንሳን ዝርከባኦን ካልኦት ሓያሎ ሃገራት ድማ፡ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ንምውሳድ ዘኽእል መስርሕ ኣበጊሰን ምህላወን ይሕበር።

ፖላንድ እውን፡ ትሕቲ 15 ዓመት ዝዕድመኦም ቈልዑ ማሕበራዊ መራኸቢታት ከይጥቀሙ ክትከልክል ምኻና ከተፍልጥ እንከላ፡ ግሪኽ ከኣ ኣብ ዝመጽእ ጥሪ ተመሳሳሊ ሕጊ ከተጽድቕ ምኻና ኣፍሊጣ ኣላ።




## ኣመሪካ - ነፋሪት ብምሕምሻሻ 12 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ክፍለ ሃገር ሚዙሪ - ሕ.መ.ኣመሪካ፡ ሓንቲ ነፋሪት ወዲቓ ብምሕምሻሻ፡ 12 ሰባት ከም ዝሞቱ ተሓቢሩ።

ሰበ ስልጣን ናይታ ክፍለ ሃገር፡ እቶም ግዳያት፡ ንቑታ ሰማይ ንኸኪይዱ ናብታ ነፋሪት ከም ዝተሳፈሩ ገሊጾም።

እቶም ሰበ ስልጣን ወሲኾም፡ ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ዋላ'ኳ ብቕልጡፍ ኣብ ቦታ ሓደጋ እንተ በጽሑ፡ ኣብ ምድሓን ናይቶም ግዳያት ግና ክዕወቱ ከም ዘይከኣሉ ኣረዲኦም።

ፖሊስ ሚዙሪ፡ ንመንነት ግዳያት ኣመልኪቱ ዛጊት ዝኾነ ሓበሬታ እኳ እንተ ዘይዘርግሐ፡ ጠንቂ ናይቲ ሓደጋ ንምፍላጥ ግና መርመራ የካይድ ምህላዉ ኣፍሊጡ።



## ስሎቫክያ፡ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ካሕሳ ትሓትት



ቀዳማይ ሚኒስተር ስሎቫክያ ሮበርት ፊኮ፡ ሃገሩ ናብ ዩክሬን ናይ ዝለኣኸቶ ኣጽዋር፡ ካብ ሕብረት ኤውሮጳ ካሕሳ ክትሓትት ምኻና ሓቢሩ።

ነቲ ጉዳይ፡ ዝመጽእ ሰሙን ኣብ ከተማ ብራሰልስ ኣብ ዝካየድ ዋዕላ ሕብረት ኤውሮጳ ከም ዘልዕሎ፡ ምስ ፕረዚደንት ኮሚሽን ናይቲ ሕብረት ኡርሱላ ቮንደር ላየን ክመያየጠሉ ምኻኑን ከኣ፡ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ ገሊጹ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ስሎቫክያ ነበር ኤደዋርድ ሄገር፡ ናብ ዩክሬን ነፈርቲ ውግእን ስርዓተ መካላኸሊ ኣየርን ብምልኣኽ፡ ንሃገሩ ብዘይ ኣጽዋር ከም ዘትረፉ እዩ እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ዝወቅስ ዘሎ።

ስሎቫክያ፡ ኣብ 2022ን 2023ን ዋጋ 809 ሚልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዛት ናብ ዩክሬን ከም ዝለኣኸት፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ይኹን'ምበር፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ሮበርት ፊኮ ኣብ ጥቅምቲ 2023 ናብ ስልጣን ድሕሪ ምምጽኡ፡ ሃገሩ ንዩክሬን ክትገብሮ ዝጸንሐት ወተሃደራዊ ደገፍ ከም ዘቋረጸ ምንጭታት ይሕብሩ።

ቀዳማይ ሚኒስተር ፊኮ፡ ሕብረት ኤውሮጳ፡ ኣብ ኲናት ዩክሬን - ሩስያ፡ ኣብ ሰደድ ወተሃደራዊ ንዋት ካብ ዘዘክር፡ ነቲ ኲናት ብዘተ ንምፍታሕ ተበግሶ ክወስድ ከም ዘዋጽእ'ዩ ብተደጋጋሚ ክጽውዕ ጸኒሑ።

ሓያሎ ሃገራት ምዕራብ፡ ንዩክሬን ዝሃብኦ ዘለዋ ወተሃደራዊ ደገፍ ልዕሊ ዓቕመን እናኾነ ይመጽእ ምህላዉ፡ ምስቲ ዛዕባ ቅርበት ዘለዎም ወገናት የረድኡ።

## ሀይቲ - ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ብዕጡቓት ተጨውዩ

ኣብ ሀይቲ፡ ብዕጡቓት ጉጅለታት ዝካየድ መጥቃዕትታት እናጸዐጸዐ ይመጽእ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይታ ሃገር ጀምስ ቦያርድ ምስ ሰድራ ቤቱ ከም ዝተጨወየ ተሓቢሩ።

ብመሰረት ሓበሬታ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር፡ እቲ እንኮላይ ዋና ተቖጻጻሪ ሃገራዊ ፖሊስ ኮይኑ ዝጸሐ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን፡ ካብ ቡርዶን ዝተባህለት ከተማ እዩ መንእዩም ብዘይተፈልጡ ዕጡቓት ተጨውዩ።



ፖሊስ ሀይቲ ንጋዜጣ 'ኒው የርክ ታይምስ' ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ቦያርድ ምስ ብዓልቲ ቤቱን ጓሉን ከም ዝተጨወዩ፡ ነቲ ጭውያ ዝፈጸሙ ዕጡቓት ከኣ መበድልቲ ከም ዝሓተቱ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ 2021፡ ፕረዚደንት ሀይቲ ነበር ጆቨኔል ሙይዝ ድሕሪ ምቕታሉ ኣብታ ሃገር ዝተፈጥረ ናይ ስልጣን ሃጓፍ፡ ብርክት ዝበሉ ዕጡቓት ጉጅለታት ጸልዋኦም ንኸስፍሑ ሓጊዞምም ከም ዘሎ'ዩ ዝነገር።

ኣብ ሀይቲ ዝርከቡ ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ንዓበይቲ ጽርግያታት፡ ወደባትን ማሕበረሰባትን ብምቁጽጻር፡ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ንኸይካየድ ከልክሉ ም ከም ዘለው፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

ብመሰረት ጸብጻባት ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ ሀይቲ ብሰንኪ ጎንጺ ዕጡቓት ሓይልታት፡ ካብ 2022 ንደሓር ከባቢ 1.5 ሚልዮን ሰባት ካብ መረበቶም ክመዛበሉ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 16 ሽሕ ሰባት ድማ ተቐቲሎም ኣለው።

ብዘተወሳኺ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጥሪ-ደቂ ኣንስትዮን ቈልዑን ዝርከብዎም ብውሑዱ 647 ሰባት ከም እተጨወዩ እዮም ጸብጻባት የመልክቱ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ጃልያ | 17/06/2026 | ጎደና ሰኽይቲ ቁ.84፡ ፊት ቤት ትምህርቲ ጃልያ | 110680 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565


Sabur Printing Services